# ቃል ኪዳን

## 1. መእተዊ

ሰባት ንቓል ኪዳን ብእተፋላለየ መገዲ ይርእይዎ። ገሊኦም ብባህላውን ልምድን ይርእይዎ። ገለዉን ብሕጋዊ መገዲ ኪርእይዎ ይኽእሉ። ካልኦት'ውን ብናቶም ጸቢብ ርድኢት ዝርእይዎ ኣለዉ። ነፍሲ ወከፍ ከኣ ኣብ ቃል ኪዳኑ ብመንጽር እቲ ዘለዎ ርድኢት ክምራሕ ግድን እዩ። እቲ ንቓል ኣምላኽ ዚፈልጥ ከኣ ቃል ኪዳን ናይ ኣምላኽ ምዃኑ ይፈልጥ። እምበኣር'ከስ ኣብ ዘበንና ኣብ ሓዳር ዘጋጥም ዘሎ ዘይምስምማዕ፣ ፍትሕን ሳዕቤኑን ካብ ቃል ኣምላኽ ምውጻእና የመልክት። ገለ ስለ ዘይተማህሩ ሰኣን ኣፍልጦ እዩ፣፣ ገለውን ካብ ትሪ ልቢ ዝነቐለ ቀይዲ ዘይብሉ ኣነነትን ንቓል ኪዳንና ዘሎና ፈኲስ ኣተሓሳስባን እዩ።

ቃል ኪዳን ካብቲ እግዚኣብሄር ሰብኣይን ሰበይቲን ዝፈጠረሉ ጊዜ ኣትሒዙ እተተኽለ ስርዓት ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ብዛዕባ ስርዓት ቃል ኪዳን ክንክተሎን፣ ክንገብሮን ዘሎና ኵሉ፣ ኣብ ቃሉ መምርሒታት ሂቡና እዩ። ፍሉይ መለለዪ ደቂ ኣምላኽ ድማ፣ ንነፍሲ ወከፍ ስርዓት ኣምላኽ ከምቲ ዝመስለና፣ ወይ ብልምዲን ባህልን እንፍጽሞ፣ ብቓል ኣምላኽ መሰረት ክርእዮን ክንፍጽሞን ከሎና እዩ እቲ በረኸትን ዓወትን ዝዓዝዝ። ንጉስ ዳዊት ንቓል ኣምላኽ፣ ንቤት ኣምላኽ፣ ንታቦት፣ ንቅዱሳን፣ ንካህናትን ቅቡኣትን ኣምላኽ ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮም ገይሩ ይርኢ ነበረ። ኣምላኽ ንነቢዩ ኤርምስ ንኣገልግሎት ክልእኮ ከሎ፣ እንታይ ትርኢ ኣሎኻ ምስ በሎ... ኤርምያስ ድማ ነቲ ዝረኣዮ ምስ ነገሮ ጽቡቕ ርኢኻ በሎ (ኤር 1፣ 11-12)። ንቓል ኪዳንውን ጽቡቕ ርኢኻ ክንበሃል እንተ ኼንና ከምቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ዝርእዮ ክንርኢ ኣሎና።

ንጉስ ዳዊት ንቤት ኣምላኽ፣ ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮ፣ ይርእዮ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ ቤትካ ዝነብሩ ብጹኣን እዮም (መዝ 84፣ 4)፣ ናብ ቤት ኣምላኽ ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ(መዝ 121፣ 1)፣ ካብ ሽሕ መዓልቲ ኣብ ቤት ሓጥኣን ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ቤት ኣምላኽ ሓላውደገ ምዃን ይሕሸኒ (መዝ 84፣ 10 ዝበሎ ኣብ ቤት ኣምላኽ ካብ ዝነበሮ መንፈሳዊ ኣጠማምታ እተላዕለ እዩ። ንጉስ ዳዊት፣ ቃል ኣምላኽ ንትንሓጉ ካብቲ ዝመቀረ ወለላ መዓር ከም ዝጥዕም መስከረ (መዝ 119፣ 103፥ 19፣ 10)። ንሱ ንቓል ኣምላኽ *ብጽሬቱ* ካብቲ ሾብዓተ ጊዜ፣ ብመምከኽ መሬት ዝጸረየ ብሩር፣ ከም ዝጸሪ ተገንዘበ። ንእኡ ቃል ኣምላኽ ንእግሩ መብራህቲ፣ ንመገዱ ብርሃን፣ ነበረ (መዝ 119፣ 105) ወዘተ። ንቓል ኣምላኽ ብመጠን እቲ ኣብኡ ዝነበሮ ፍሉይ ኣጠማምታ፣ ፍሉይ ፍቕርን ኣኽብሮን ነበሮ። እቲ ዳዊት ብዛዕባ ቃሉን ቤቱን ዝነበሮ ኣረኣእያ ብዓይኒ ስጋ፣ ልምድን ባህልን ፈጺሙ ዝብጻሕ ኣይኮነን።

ዳዊት ታቦት ኣምላኽ ይዕጅበሉ ኣብ ዝነበረ ዝላን ምቕሉልነትን ካብ ስጋዊ ስምዒት ክነቅል ኣይክእልን እዩ 2 ሳሙ6፣ 3፣ 13)። ሳኦል ንዳዊት ኪቕትል ዘይገበሮ ጻዕሪ ኣይነበረን። ዳዊት ግና ክልተ ጊዜ ንሳኦል ክቕትለሉ ዝኽእል ምቹእ ኵነታት እኳ እንተ ኣጋጠሞ፣ ኣብ ቅቡእ ኣምላኽ ኢዱ ኣየልዓለን። እቲ ኣብ ቅቡእ ኣምላኽ ዝነበሮ ኣኽብሮትን ኣጠማምታን ከኣ ክሳብ ክንዲ'ዚ ክጻወርን ክዕገስን ኣኽኢልዎ (1 ሳሙ24፣ 6፥ 26፣ 9-10፥ መዝ 105፣ 14-15)። *"ኣብ ምድሪ ዘለዉ ኵሎም ቅዱሳን ብጹኣን እዮም፣ ባህገይ ኵሉ ኣባታቶም እዩ ዘሎ በልኩ ብምባል ባህጉ ኣብ ቅዱሳን ክሳብ ክንደይ ዓቢዩ ምዃኑ ይገልጽ"* (መዝ 16:2)

ኣቦና ዳዊት ስለ ካህናቱ፣ ስለ መላእኽቱ፣ ወዘተ ዝነበሮ ኣጠማምታ ከምቲ ዓይኒ ስጋ ዝጥምቶ ዘይኮነስ ከምቲ ኣምላኽ ዝጥምቶ ስለ ዝነበረ ኣምላኽ ድማ ዳዊት ወዲ እሴይ እዚ ከም ልበይ ዝኾነ ሰብ ረኺብኩ ክብል መስከረሉ (ግብ 13፣ 22)። መንፈሳውነት ከኣ ንሱ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ስርዓትን ህያብን ኣምላኽ ከምቲ ኣምላኽ ዝጥምቶ ገይርካ ምጥማትን ምቕባልን ጥራይ እዩ ብዓወት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፣ ከብጽሓና ዝኽእል። ኣምላኽ፣ ካብ ዘበን ብሉይ ኪዳን ጀሚሩ፣ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ዝበሎን ዝገብሮን ብዙሕ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ደጊሙ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ዝመሃሮ፣ ሃዋርያትውን ከምኡ ዝሓገግዎ ስርዓት ቃል ኪዳን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ትጸሒፉልና ኣሎ።

ሓዳር ብዝያዳ ኣብ ሓዳር ኢኻ እትመሃሮ። እንተኾነ ነቲ ብቓል ኪዳን እትምስርቶ ሓዳር ኣቐዲምካ ብመንፈሳውን ስጋውን ክይተዳሎኻ ምእታው ሓደገኛ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ካብቲ ኣብ ሓዳር ከጋጥም ዝኽእል ዘይምስምማዕን ፍትሕን ብሰንኩ ዝመጽእ መንፈሳዊ፣ ስጋውን ማሕበራውን ተሓታትነት ቤት ክርስቲያን ንደቃ ኣቐዲማ መንፈሳዊ ናይ ትምህርቲ መኣዲ ከተዳሉ ግዴታ ኣለዋ። በዚ መሰረት ኣብ ናይ ቃል ኪዳን ትምህርትና ነዞም ዝስዕቡ ንኡሳን ሓሳባት ኣጠቓሊሉ ኣሎ።

ቀዳማይ ክፋል ንቓል ኪዳን ግቡእ ምድላውምግባር ኣዩ። እዚ ከኣ ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃሮ ግንቢ ክሰርሕ ዝደሊ፣ ድሌቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ምስራት ጀሚሩ ክሳብ ምውዳእ ዝኣኽል ገንዘብ እንተለዎ ኣቐዲምካ ብምጽብጻብ ግቡእ ምድላውምግባር ዝብል እዩ። እቲ ካልኣይ ኣርእስቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ጽዉዓት

ኣብነት ዝኾነ ኣቦና ኣብርሃም ኣብ መወስቦ ይስሃቅ ወዱ ዝተኸተሎ ኣግባብ ብምርኣይ፣ ኣብ ቃል ኪዳንና ክንገብሮ ዘሎና ጥንቃቐ የነጽረልና። ሳልሳይ ክፋል ኣመሰራርታ ቃል ኪዳን ኮይኑ ኣምላኽ ንቓል ኪዳን ኣብ ዘፍጥረት ስለምንታይን ብኸመይን ከም ዝመስረቶ ንሕናውን ኣብ ቃል ኪዳንና ነዚ ብምፍላጥ፣ እቲ መስራቲ ቃል ኪዳን ዝኾነ ኣምላኽና ካብ ጥንቲ ክንኽተሎ ዝሓንጸጸልና ፈሊጥና ከም ቃሉ ክንነብር የስተምህረና። ኣብዚ እተን ሰለስተ ወርቃውያን ትእዛዝት ቃል ኣምላኽ ማለት ምሕዳግ፣ ምጥባቕ ከምኡውን ሓደ ስጋ ምኳን ማለት እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ንመሃር።

ራብዓይ ክፋል ኣድላይነት ወይ ዕላማ ቃል ኪዳን እንታይ ምኳኑ የነጽረልና። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ቀዳማይ ኣብቲ ከም ውሉድ ኣምላኽ "ኣነን ቤተይ ግና ንኣምላኽ ኢና እነገልግል" (ኢያ 24፣ 15) ዝብል ብቑዓት ተደጋገፍቲ ክንከውን ከም ዝግብኣና፣ ብኻልኣይ ድማ ንኣምላኽ ዘስምሩ ውሉድ ክህበና፣ ብሳልሳይ ደረጃ ድማ ካብቲ ፍርዲ ዘስዕብ ዝሙትን ኣመንዝራነትን ክንወጽእ መውስቦ ከም ዝድሊ፣ ፈሊጥና ነዚ ብዕላማ ክንሕዞ ከም ዝግብኣና የብርሃልና። ሓመሻይ ክፋል ኣብ ሓዳርና ኵሉ ጊዜ ክነዘውትሮም ዝግብኣና ተግባራት፦ 1. ኵሉ ጊዜ ብመንፈሳውን ስጋውን ቀጻሊ ዕቤት (Dynamism) ክነርኢ 2. ዘየቋርጽ ጥዑይ ዝርርብ (Communication) ክህልወና 3. ይቕረታ ምሕታትን ይቕረታ ምቕባልን ፣ ከምኡውን 4. ነሓድሕድና ናይ ምንእኣድ ባህርይ ክነጥሪ ከም ዝግብኣና ይትንትን። ኣብ ሓዳር ኵሉ ጊዜ እዞም ኣርባተ ነጥብታት እንተ ኣለዉ፣ እናማዕበሉ ከኣ እንተ ከዱ ምስልካይ ስለ ዘይህሉ፣ እዚ ንሓዳርና ብዘይ ምፍሕፋሕ፣ ፍቕሪ ሓዳርና ክንጽንዕ ይሕግዙና።

ሳድሳይ ክፋል ብመንጽር ቃል ኣምላኽ ኣብ ሓዳርና መሪሕ ተራ ዘለዎ ሰብኣይ ምኳኑን፣ እዚ ማለት ድማ ንሰብኣይ ዝያዳ ተሓታትነትን ጾርን ዘሰክሞ ምኳኑ ይዝርዝር። ሳብዓይ ክፋል ብሕጽር ዝበለ ስርዓተ ተኸሊል፣ እንታይ ምኳኑ፣ ኣገዳስነቱ፣ ኣበይን ብኸምይን ክፍጸም ይግብኦ ዝብሉ ነጥብታትን ንኸልቲኦም መጻምዲ ዝህቦ ትእዛዝን ማሕላን ምሕጽንታን ይገልጽ። ሻመናይ ክፋል ድሕሪ ቃል ኪዳን ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ፍትሕ ከም ዘይግባእ፣ ምፍታሕን ንዝፈትሕን ኣምላኽ ኣዝዩ ከም ዝጸልኦምን ይገልጽ። ታሽዓይ ኣርእስትና ድሕሪ ሓዳር ከጋጥመና ንዝኽእሉ ነገራት ከም መንፈሳውያን ብኸመይ ክንሓልፎም ከም ዘሎና ይትንትን። ኣብ መጨረሻ ምስ ስድራናን እንዳ ሓመናን ክህልወና ዝግባእ ዝምድና፣ ምስ ጐረባብትናን ከባቢናን ኣብነት ኳንና ክንሳተፎ ዘሎና ተግባራትን ክንርሕቀሉ ዘሎና ነገራትን ይገልጽ።

እምበኣርከስ እዚ ትምህርቲ'ዚ ሓፈሻውን ፣ ቀዳማይ ንድፍን ስለ ዝኾነ ተማሓይሹ ብዝበለጸ ክወጽእ ድሌትና እዩ። ከም መበገሲ እምበር ከም ናይ መወዳእታ ገይርና ድማ ኣይንርእዮን። መብዝሕቶና ቅድሚሕጂ ቃል ኪዳንና ዝፈጸምና ብጻዕባ ቃል ኪዳን ስሩዕ ትምህርቲ ዘይወሰድና ክንከውን ዝከኣል እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ሓዳር ኣመንቲ የጋጥም ንዘሎ ጸገማትን ንብድሕሪ ሕጂ ቃል ኪዳኖም ንዝፍጽሙ ኣመንትን መባእታዊ ትምህሪቲ ቃል ኪዳን ኪኸውን እተዳለወ እዩ።

## 2. ቅድመ ምድላዋት ቃል ኪዳን

ከምቲ ወደ መዝሙር (ሰዓቢ ክርስቶስ) ክኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ ኣቐዲሙ ኪፈልጥ ዘድልዮ፣ ከምኡውን ብቓል ኪዳን መሰረት መርዓን ሓዳርን ኪገብር ዝወሰነ ኣማኒ ንመርዓ ኪኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ ኣቐዲሙ ኪፈልጥ ናይ ግድን እዩ። *"ካባኻትኩም'ከ ግምቢ ኪሰርሕ ዝደሊ እሞ ንምውድኡ ዝኣኽሎ ገንዘብ እንተ ኣለዎ ቅድም ተቐሚጡ ዘይጽብጽብ እንታዋይ እዩ"* (ሉቃ 14፣ 28)። ጐይታ ከምዚ ክብል ዝመኸረና፣ ከምቲ ወደ መዝሙር ኪኸውን ዝደሊ ኣቐዲሙ ኪኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ ኪፈልጥ ዝግብኦ፣ ኣብ ሓዳር'ውን ከምኡ ጀሚርና ብዓወት ክንዛዝም ኣቐዲምና ክንፈልጦ ዝግብኣና መንፈሳዊ ሓቅታት ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ እዩ። እንተ ዘይኮነ ከምዚ መኣስ መሲሉኒ፣ ብምባል ሓዳርና ጠንቂ ጓህን ፍትሕን ኪኾነና ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓዳር ክንምስርት ኣብ እንሓስበሉ ከም ኣመንቲ ክንፈልጦም ዝግብኡና ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

ኣብ ሓዳር ምናልባት ንኽንቱ ከይንጽዕር፣ ብቐዳምነት እግዚኣብሄር ሃናጺ ቤትና ኪኸውን ብእምነት ሓላፍነት ንሃቦ። ካብ ስጋዊ ጥበራታት፣ ግዳማዊ ስነ ጽባቐን ዓለማዊ ትሕዝቶ ሰባት ወጺእና፣ ኣምላኽ ኪመርሓና፣ መንፈሳዊ ምስትውዓል ክህበና ብጸሎት ንማሕጸኖ። *"እግዚኣብሄር ንቤት እንተ ዘይሃነጸ ሃነጽቲ ንኽንቱ ይጽዕሩ"* (መዝ 127፣ 1)። እዚ ኣብ ሓዳር ክንበጽሕ እንጅምሮ ኪኸውን፣ ወይውን ኣብዚ ክንበጽሕ ሱባኤታት ወሲድና ብሕልሚወይ ብራእይ ኣምላኽ ክዛረበና ምጻባይ ማለትና'ውን ኣይኮነን። ኣብ ኵሉ መንፈሳዊ ህይወትና *"ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ"* (ማቴ 6፣ 33) *ከምእተባህለ ነዚ እንደሊ* ሰባት ክንኸወን ኣሎና። ብድሕሪኡ እግዚኣብሄር ሃናጺ ቤትና ኪኸውን ኣብ ጥበብና፣ ኣብ ክእለትናን ትሕዝቶናን ከይተወከልና ከምቲ ቅዱስ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ *"ድሌትና ዘበለ ብጸሎትን ልማኖን ምስ ናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ነፍልጦ"* (ፊል 4፣ 6)። ንሱ'ውን ድሌትና ዝበለ ብክርስቶስ ኢየሱስ ይመልኣልና። ኣብ ኣነነትናን ኣብ ምኽርናን ጸኒዕና ቤትና ከይንሃንጽ እሞ ጻዕርና ከንቱ ከይከውን ንጠንቀቕ። ጕዕዞ ኣመንቲ ቅዱሳን ኣቦታትና ንጕዓዝ።

ናብ መርዓ ዝኣትዉ ዘለዉ መጻምዲ ብዛዕባ እምነቶምን መንፈሳውነቶምን ኣዝዮም ክፉለጡ ኪኾኑ ይምረጽ። ኣብ ዘበንና ብዙሓት ንክርስትና መንፈሳውነትን ዳግመ ምላድን ነናቶም ትርጕም ስለ ዝህብዎም ንምርጫ መጻምዲ መሰረት ዘይከኾነና ይኽእል እዩ። እቲ ካብ ኣዋልድ ሔታውያን ምእንቲ ከየእቱ ናብ ኣኮኡ ላባን እተላእከ ያዕቆብ (ዘፍ 28፣ 1-3) እታ ዓይኑ ዘውደቐላን ምእንታኣ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት እተገዝአ፣ ጣኦት ኣቦኣ ሰሪቓ እትሓብእ ራሄል ኣጋጠሞ (ዘፍ 31፣ 33-34)። ከምድኸምቲ ፍጥረት ብምሕሳብ ሰበይቲ ዝበልካያ እትገብር፣ ኣብ ዘእተኻያ እትኣቱ እያ ብምባል ኣብ ቅድስናን እምነትናን ኣበር ከይነእቱ፣ ኣዚና ክንጥንቀቕ ኣሎና። ብሰንኪ ኢልዛቤል ሰበይቲ ንጉስ ኣከኣብ ኣብ መሰውኢ ኣምላኽን ኣብ ነብያት ዝበጽሔሞትን ስደት ጠንቂ ጣኦት ዘምልኻ ኣንስቲ ምምርዓው ነበረ (1 ነገ ፣ 21፣ 25)። ኤሳውን ብኹርነቱ ስለ ዝንዓቓ ንሓንቲ እዋን ጥራሕ እተምስሕ ጸብሒ ብርስን ሸጣ። *"እቲ ማሕጸን ኣዲኡ ዝኸፈተ ኵሉ ቅዱስ እዩ" ( ሉቃ2፣ 13) ዝብል* ኣምላኻዊ ህያብ ድሕሪ ምጥፋኡ፣ ዋላኳ ብንስሓ እንተ ደለያ ኣይረኸባን (እብ 12፣ 16)። ንሕናውን መጻምዲ ኣብ እንደልየሉ ንመንፈሳውነትና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከይነእትዋ ንጠንቐቕ። ኣምላኽ ልብን ኵላሊትን ዝምርምር እዩ'ሞ ዘዝዘራእናዮ ከም እንዓጽድ ፈሊጥና ንልብናን ሓሳብናን ንሓልዎ።

ብፍላይ ደቀ ኣንስትዮ ኣሓትና ኣብ ሓዳር ደላይኣን ብዙሕ እዩ። ምስ ብዙሓት ክዓብድ ክዘውር ዝጸንሐ ዓለማዊ፣ ኣብ ሓዳር ምስ በጽሐ፣ ነተን ምስኡ ክዞራ ዝጸንሓ ገዲፉ፣ ብመንፈሳውነትን፣ ብጽባቐኤንን ምናልባት ብትሕዝቶኣን ደሐን ዝኾና ደቀ ኣንስትዮ እዩ ዝደሊ። ሕራይ ክሳብ ዝብላኦ፣ ንቤት ኣምላኽ ከመላለስ፣ ዘይትግበር መብጽዓታት ክኣቱ፣ ምስሉይነት ባህሪ ኣመንቲ ብምሓዝ ክጥብር ይኽእል እዩ። ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ምሩጻት ደቀ ኣንስትዮ ዝወሰዱ፣ ድሕሪ መርዓ ሒዞምወን ዝጠፍኡ፣ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ዘይግታእ ዓለማዊ ልምዶም ድሕሪ መርዓ ተመሊሶም ስለ ዝጅምርዎ፣ ብኸምዚ ናብ ፍትሕ ዝበጽሓ ኣሓት'ውን ኣይሰኣናን እየን። ኣምኖን ወዲ ዳዊት ኣብ ሓብቱ ትእማር ዝገበሮ ተንኮል ብምሕሳብ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ነውራማት ዓለማውያንን (2 ሳሙ13፣ 1- 23) ምስሉያት ኣብ ቤት ኣምላኽ ተመላለስትን ንጠንቀቕ። መንፈሳውነት መጻምድና ልዕሊ ዝኾነ ገዝምን ሃብትን ወይውን ጽባቐ ኣብ ግምት ከነእቱ ኣሎና። ንስለ መርዓ ብዋጋ እምነትናን መንፈሳውነትናን ኣብ ህይወትና ቁማር ክንጻወት ኣይግብኣናን እዩ።

ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ፣ ንጽድቕን ሓጢኣትን፣ ንጸልማትን ብርሃንን ዘራኽቦ ናይ ሓባር ዕላማ ፈጺሙ የለን፣ ንኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ ብሓዳር ከሳማምዖን ተሳንዮም ብሓደ ክነብርሉ ዘኽእል ባይታ የለን። ስለዚ ከኣ ንኣማኒ ምስ ዘይኣምን፣ ንመንፈሳዊ ምስ ዓለማዊ ኣብ ሓደ ኣርዑት ንጽመደሉ ምኽንያት ፈጺሙ ክህሉ ኣይግብኦን እዩ (2 ቆሮ 6፣ 14-15)። እዚ ትምርቲ እዚ ዝያዳ ቅድሚጊዜ ሕጸ ኣስፊሕና ስለ እንመሃሮ እዚ ነቶም ናብ መርዓ ገጾም ዝጐዓዙ ጥራሕ ዝወሃብ ሓጺር ቅድመ ምድላው እዩ፣፣

## 3. ካብ ኣቦና ኣብርሃም ብዛዕባ ቃል ኪዳን፣ እንታይ ንመሃር

ኣቦና ኣብርሃም ከም ናይ ክርስቲያን ብፍሉይ ጸውዒት *"ካብ ዓድኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ ዓዲ ኣቦኻን ወጺእ፣ ናብታ ኣነ ዘርእየካ ምድሪ ከኣ ኺድ። ዓቢዩ ህዝቢ ክገብረካን ክባርኸካን እየ፣ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፣ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ..."* (ዘፍ 12፣ 1-2) ተባሂሉ እተጸውዐ ሕሩይ ናይ ኣምላኽ ሰብ ነበረ። ይስሃቕ ወዱውን ክሳብ ንመስዋእቲ፣ ንኣቦኡን ንፍቓድ ኣምላኽን እተኣዘዘ፣ በረኸትን እምነትን ኣብራሃም ወራሲ ምዃኑ ዘመስከረ መንእሰይ ነበረ (22፣ 6-18)። ኣብርሃም ኣብ እስማኤል ወዱን ኣብቶም ድሕሪ ሳራ ዝወለዶም ደቁን ብኸምይ ከም ዘመርዓዎም እተጻሕፈ ነገር የለን። ኣብቲ *"ብዘርእኻ ኵሎም ኣሕዛብ ምድሪ ኪባረኹ እዮም፣ ዘርኢ ብይስሃቕ እዩ ዝስመየልካ"* እተባህለ ይስሃቅ (ዘፍ17፣ 19) ግን ፍሉይ ጥንቃቐ ገበረ።

ኣብርሃም ዕድመ ጸጊቡ ኣብ ዝኣረገሉ፣ ይስሃቅ ወዱ’ውን ንመርዓ ኣብ ዝበጽሓሉ፣ ነቲ ዓቢዱ ግዙእ ቤቱ ጸዊዑ ከምዚ ክብል ኣምሓሎ *“በጃኻ ኢድካ ኣብ ትሕቲ ሰለፈይ ኣንብር። ካብ ኣዋልድ እዞም ኣነ ማእከሎም ዝነብር ዘሎኹ ከንኣንናውያን ንወደይ ሰብይቲ ከይተምጽኣሉ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ኤምሕለካ ኣለኹ። ናብ ሃገረይን ዓሌተይን ኬድካ ድኣ ንወደይ ይስሃቅ ሰበይቲ ኣምጽእሉ”* (ዘፍ 24፣ 2-4) በሎ። ስለምንታይ ካብ’ዚ ሎሚ ከንኣን (እስራኤል) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናብ መሰጸታምያ ናብዚ ሎሚ ምናልባት ኢራን ዝበሃል ሃገር ኪኸይድ ብኣምላኽ ሰማይን ምድርን ኣምሓሎ። ኣብርሃም ኣቦና፣ ነቲ ዘርኡን በረኸቱን ብዝኾነ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ዝረኸብናዮ እምነትን መንፈሳውነትን ከይነጥፍእን፣ ነቲ ህያውተስፋ ንሕናን ደቅናን ወረስቲ ክንከውን፣ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ክሳብ ክንደይ ክንጥንቀቕን ዋጋ ክንከፍልን ከም ዘሎና የመልክተና። እዚ ትእዛዝን ማሕላን ኣብርሃም፣ ኣምላኽ እስራኤላውያን ኣብቲ ንኸንኣን ክወርሱ እተቓራረብሉ ጊዜ፣ እስራኤላውያን ኣዋልዶም ንኸንኣናውያን ከይሀቡ፣ ካብ ኣዋልድ ከንኣናውያን ድማ ነወዳቶም ኣንስቲ ከየእትዉ ኣጽኒዑ ኣዘዞም (ዘዳ7፣ 3-4)። እቲ እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ናይ እምነትን ኣምልኾን ጉዳይ ነበረ።

እቲ ግዙእ ኣብርሃም ንዘቕረቦ እንተታትውን ኣቦና ኣብርሃም *“እቲ ካብ ቤት ኣቦይን ካብታ እተወልድኩላ ሃገርን ዘወጻኣኒ፣ ነዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ክህባ እየ ኢሉ ዝተዛረበንን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ፣ ንሱ መልኣኹ ቀቅድሜኻ ክልእኽ እዩ፣ ካብኡ ድማ ንወደይ ሰበይቲ ከተምጽኣሉ ኢኻ”* (ዘፍ 24፣ 7) ክብል ብእምነት ገለጸሉ። ኣብ መርዓ ይስሃቅ፣ እግዚኣብሄር መልኣኹ ክልእኽ፣ ጉዳይን ድሌትን ኣብርሃም ከፍጽም ምርኣይ ከምቲ ንኣብርሃም፣ ሎሚ’ውን ኣምላኽ ንእመናት ደቁ ኣብ ቃል ኪዳኖም፣ መልኣኹ ልኢኹ ጉዳዮም ከም ዘሰላስል ንኣና ዓቢዩ ትምህርቲ እዩ። እቲ ልኡኽ ኣብታ ዓይኒ ማይ ምስ በጽሐ ብምኽንያት ምቕዳሕ ማይ ካብ ቤታ ዘወጽአን ብጸሎት ንዘቕረቦ ምልክት ልቢ ርብቃ ንኸሉ እወታ ዘጣጥሐን፣ ፣ ንጸሎቱ ምላሽ ዝሃበን በቲ ቀቅድሚእቲ ግዙእ ዝኸደ መልኣኽ ኣምላኽ እዩ (ዘፍ 24 10-14)።

ልኡኽ ኣብርሃም ኣብታ ኣዋልድ እታ ከተማ ማይ ዝቐድሓላ ዒላ ምስ በጽሐ፣ በጃኻ ሎሚን ጐይታይ ኣብርሃም ምሕረት ግበረሉ፣ ኣገባግበለይ እናበለ ኣብ ጸሎት ምእታዉ፣ ነቲ ብማሕላ ዝኣተዎ ትእዛዝ ብዙሕ ክብደትን ርዝነትን ከም ዝሃቦ ንርኢ (ዘፍ 24፣ 12)። ነቲ ብእምነት ዘቕረቦ ኵሉ ጸሎት ኣምላኽ ንልብን ተግባርን ርብቃ ብምእዛዝ መለሰሉ። ነተን ዓሰርተ ኣግማሉ ናብቲ ዒላ እናተመላለስት ክሳብ ዝጸግባ እተስትየንን፣ መንነታ ኣይፈለጠን ነበረ። ደጊሙ’ዃል መን ምዃናን፣ ኣብ ገዛ ኣቦኣ መሕደሪ ዝርከብ እንተ ኾይኑ ምስ ሓተታ፣ ንሳ ድማ *“ኣነ ጓል ቤቱኤል እየ። ቤቱኤል ከኣ ሚልካ ካብ ናሆር ዝወለደቶ እዩ …”* (ዘፍ 24 24-25) ክትብል መለሰትሉ። እቲ ግዙእ፣ ኣብ ጉዕዞኡ መሪሕነት ኣምላኽ ናብ ቤት ኣሕዋት ጐይታኡ ከም ዘምጽኦን ኣምላኽ ምሕረቱን እምነቱን ካብ ቤት ጐይታኡ ኣብርሃም ከም ዘየርሓቐን ብምርኣይን ንጸሎቱን ጉዕዞኡን ኣምላኽ ከም ዘገባገበሉ ብምርኣይ ኣብ ምድሪ ፍግም ኢሉ ብምስጋድ ንኣምላኽ ኣኽበረ (ዘፍ 24፣ 26-27)። ቃል ኪዳን ዝፍጽም ሰብ ካብዚ ክመሃሮ ዝግብኦ ብዙሕ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ፣ ብኸምዚ ዓይነት ምርሓትን ንቓል ኪዳን ክብሪ ምሃብን፣ እግዚኣብሄር ምስ ኣገባገበልካ ፍግም ኢልካ ንኣምላኽ ምስጋድን ምምስጋንን ክለማመድ ኣለዎ። እቲ ብኸምዚ ዓይነት መሪሕነትን ጸሎትን ሰበይቲ ዝረከብ ካብ ኣምላኽ ሞገስ ይረክብ (ምሳ )።

ኣብ ቃል ኪዳን ኣብ ዘበን ብሉይ ኪዳን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንተኾነ ”ውን ወለዲ ተራ ኣለዎም። እቲ ፍቓድን ምርጫን መውሰቦ ናይ ክልተ ተጻመድቲ እዩ። ወለድና ነቲ ምርጫና ክሰምርዎ ከምእዙዛት ውሉድ ፍቓዶም፣ ምርቓኦም ክንጽበ ሰናይ እዩ። እቲ ብመርሒነት ኣምላኽ ዝጐዓዝ ዝነበረ ግዙእ ኣብርሃም ድማ ካብቲ ዝነብሮ ዒላ ማይ፣ ሓውርብቃ ላባን መጺኡ *“ኣታ ናይ ኣምላኽ ብሩኽ ንምንታይ ኣብ ግዳም ደውትብል ንኣኻ ቤት፣ ነግማልካ ከኣ ሰፈር ኣዳልየልካ ኣሎኹ”* (ዘፍ 24፣ 31) ብምባል ናብ ቤት ኣእተዎ። ላባን ነተን ኣግማል ጽዕነትን ኣራጊፉ ሓሰርን ድርቖን ሃበን፣ ነቲ ግዙእን ነቶም ዘሰንይዎ ዝነበሩ ማይ ንእግሮም ሃቦም። መግቢ ምስ ቀረበ ግና እቲ ግዙእ ምኽንያት መምጽኢኡን ካባታቶም መልሲ ከይሰምዐ ከም ዘይበልዕ ገለጸሎም። ካብቲ ኣብርሃም ዝለኣኾ ክሳብ እቲ ርብቃ ዝገበረቶን ዝበለቶን ኵሉ ተር ኣቢሉ ምስ ነገሮም፣ ላባን ነዚ ሰሚዑ፣ *“እዚ ነገር እዚ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ እዩ፣ ክፉእ ኮነ ጽቡቕ ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና፣ እንሃ ርብቃ ኣብ ቅድሜኻ ኣላ ሒዝካያ ኪድ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ድማ ሰበይቲ ወዲ ጐይታኻ ትኹን” (ዘፍ 24፣ 50-52)* ክብል መለሰሉ። እቲ ግዙእ ዘረባኦም ምስ ሰምዐ፣ ኣብ ምድሪ ተደፊኡ ንእግዚኣብሄር ሰገደ።

ብልዕን መስተን ፣ ህያባት ምውህሃብን ድሕሪኡ ስዒቡ። ንጽቢሕቱ ስድራ ርብቃ ዓሰርተ መዓልቲ ምሳና ትቐኒ ኢሎም ንዘቕረብዎ ሕቶውን ኣምላኽ ብቓል ርብቃ ነቲ ግዙእ ከይተደናጒዮ ተልእኮኡ ንክፍጽም ረዲእዎ። ይስሃቅ ኣብ ምስትንታን ከሎ፣ ኣማዕድዩ ስለ ዝረኣዮም ተቐባበሎም፣ ርብቃውን ካብ እተወጥሓቶ ገመል ወሪዳ ከም መርዓት ገጻ ተገልበበት። ይስሃቅ ድማ ንርብቃ ናብ ድንኳን ኣዲኡ ሳራ ኣእተዋ። ተመርዓዋ፣ ፈተዋውን። ይስሃቅ ድሕሪ ሞት ኣዲኡ ተደበሰ (ዘፍ 24፣ 67)። ካብዚ ታሪኽ እዚ ክንመሃሮ እንኽእል ብዙሕ እዩ። ዘበንና ካብ ዘበን ይስሃቅ ዝፍለ እኳ እንተኾነ ኣብ ቃል ኪዳንና ማለት ሰበይቲ ምምራጽና፣ መርዓና፣ ቃል ኪዳንናን ናብራን ኣምላኽ ሃናጺ ቤትና ክኸውን ኣብ መሪሕነት ኣምላኽ

ምምርኳስ መተካእታ ዘይብሉ ቀዳማይ ምርጫና ክኸውን ኣለዎ። ከም መንፈሳውያን ኣብ ቃል ኪዳን ኣብ ምፍጻም መሪሕነት ኣምላኽ ደኣ እምበር ባህልን ልምድን ወይውን ስጋዊ ስምዒት ከይዕብልለና ንጠንቀቕ።

## 4. ኣመሰራርታ ቃል ኪዳን

*“ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይጠብቕ ክልቲኦም ድማ ሓደ ስጋ ይኾኑ”(ዘፍ 2፥ 25)።*

ንቓል ኪዳን መስራቲኡ ባዕሉ እግዚኣብሄር እዩ። ኣምላኽ “*ይኹን*” (ዘፍ1፥ 2፥ 6-7፤ 14 ፥ “*ተወጽእ*”(ዘፍ1፥ 11፥ 24) ብዝብላ መለኮታውያን ትእዛዛት’ዩ ንኹሉ ፈጢርዎ። ኣብ መጨረሻ ፍጥረት ማለት ሳድሰይቲ መዓልቲ ንኣዳም ኪፈጥር ከሎ “*ከም ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር*” (ዘፍ 1፥ 26) ብምባል ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፣ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ እስትንፋሱ ህይወት ኡፍ ብምባል ህይወት ሰኸዓሉ (ዘፍ 2፥ 7)። ኣምላኽ ኣብ መዛዘሚ ፍጥረቱ፣ ኩሉ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ተባዕታይን ኣንስታይን፣ ህይወት ዘለዎን ዘይብሉን በቦታኡ ምስ ኣትሓዞ (ዘፍ 1 6-7፥ 9፥ 20-21) ዝገብሮ ኩሉ ረኣየ እሞ “*እንሆ ብዙሕ ጽቡቕ ኮነ ኢሉ*” መስከረ (ዘፍ1፥ 31)።

ኣምላኽ ንኣዳም ንምብላዑ ዝጥዑም፣ ንምርኣዩ ዝጽቡቕ፣ ጥበብ ብምሃብ’ውን ዘብህግ ኣብ ዘለዎ ቦታ ኣንቢርዎ ነበረ (ዘፍ 2፥ 8)። ብርቂ ዝኾኑ ኣዕዋፍን እንስሳታትን፣ እተፋላለዩ ንገነት ዘስትዩ ወሓይዝን ኣብ ቅድሚ ኣዳም ነይሮም ንእኡውን ተዋሂቦም (ዘፍ 29-30፥ 2፥ 10-14)። እዚ ሎሚ ክንፈልጦ እንብህጎን እንመሃሮን በብዓይነቱ ስነ ፍልጠት *(Animal Science, Plant Science: Crop, Soil, Botany, Physiology, Biology, Anatomy etc)* ምንጩ እቲ ጥበብ ብምሃቡ ንምፍላጡ ዘብህግ ፍጥረት ኣምላኽ እዩ። ኩሉ ስነ ፍጥረት፣ ኣምላኽ ብሰከንድ ዘይትኣክል ዝፈጠሮ፣ ሰባት ብሚልዮናት ዓመታት ክንርድኦን ክንበጽሖን ዘይንኽእል ኣዝዩ፣ ሚስጢራዊ፣ ረቂቕን ዓሚቕን እዩ። ኣዳም ኩሉ ኣብ ዘለዎ እዩ ተፈጢሩ። እንተኾነ ኣምላኽ “*ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን*” (ዘፍ 2፥ 18) በለ።

ስለምታይ’ዩ ኣምላኽ “*ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኾነን ዝበለ*”። ማለት ከምዚ ካብ ምባል ኩሉ ኣብ ኢዱ እንድዩ ነይሩ። ንኹሎም እንስሳት ክፈጥር ከሎ ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ እንድዩ ፈጢርዎም። ነዚ ሕቶ’ዚ ብቐንዱ ንኣና ክብሪ ቃል ኪዳን ክሳብ ክንደይ ዓቢዩ ምዃኑ ምእንቲ ክነስተውዕል፣ እዚ ቃል እዚ ከም ተዛረበ ምእንቲ ክንፈልጥን ክነስተዕልን ስለ ዝደለየ ኮይኑ ይስምዓኒ። ምኽንያቱ፣ ኣብ ኣፈጣጥራና’ውን ከምቲ ናይ ካልእ ፍጥረት ዘይኾነስ ከም መልኽዑ ከም ምስሉ ብኢዱ ፈጢሩ፣ ተማቕልቲ ናይ እስትንፋሱ እዩ ገይሩና። ከምቲ ናይ ኣፈጣጥራና፣ መውስቦናን ቃል ኪዳንናን ድማ ከም ናይ እንስሳ ዘይኮነስ፣ ፍሉይ ኣትኩሮ ስለ ዝገበረሉ ፍሉይ ኣትኩሮ ክንገብረሉ ዝደለየ ኰይኑ እስምዓኒ። እቲ ናብ ቃል ኪዳን ኪኣቱ ዝወሰነ፣ ሰብ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ፣ *ሰብኣይ በይኑ ኪነብር ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ኪኣምን ይግብኦ እዩ። ግብራዊ ናይ ቃል ኪዳን ወሳኔኡ፣ ብቓሉ መሰረት ተመሪሕና፣ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጽቡቕ ዘይኮነ ዘማልአ ኪኸውን ኣለዎ።*

ኣምላኽ፣ ነቲ “*ሰብኣይ በይኑ ኪነብር ጽብቕ ኣይኮነን” ዘበሎ፣ ባዕሉ ብኸምዚ ዝስዕብ መገዲ መፍትሒ ኣዳለወሉ። “እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ደቃስ ኣውደቐሉ፣ ደቀሰ ድማ። ካብ መሰንገሊኡ ድማ ሓንቲ ዓጽሚ ወሰደ፣ ኣብ ስፍራኣ ድማ ስጋ መልኣ። ኣግዚኣብሄር ድማ ነታ ካብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ ሰበይቲ ገይሩ ሰርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ*” (ዘፍ 2፥ 22)። ኣምላኽ ነታ ሰበይቲ ናብ ኣዳም ኣምጽኣ። ኣዳም ድማ “*እዚኣ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ፣ ስጋ ድማ ካብ ስጋይ እያ፣ ሰበይቲ ትበሃል*” (ዘፍ 2፥ 23) ብምባል ተቐበላ። እቲ *መሰረታዊ መፈጠር ቃል ኪዳን እምበኣርከስ እዚ እዩ።* ኣምላኽ ንሄዋን ካብ *መሰንገለ ኣዳም ምፍጣሩ፣ ካልእ ምርጫስ ኢኑ ኣይኮነን። ነቶም ንእኡ ብምእማን ቃል ኪዳኖም ሽዑ ይኹን ሎሚ ዝፍጽሙኣ መንቱ ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ስጋ ምዃኖም የስተምህር።* ከምቲ ኣብታ ጊዜ እቲኣ ኣዳም ዝበሎ፣ ንሕና’ውን ሎሚ ነንስትና “*እዛ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ፣ እዛ ስጋ ካብ ስጋይ እያ፣ ካባይ ተወሲዳ እያ እሞ ሰብነተይ (ሰበይቲ) ትበሃል ኢልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ወሳነና ክነፍልጥ ግዴታ ኣሎና።*

ሓደ ጊዜ ሓደ ሓው፣ ምስ ሓንቲ ሓፍቲ ቓል ኪዳን ኪፍጽሙ ምስ ተሰማምዑ፣ “*መሰንገሌኻ ምዃነይ ኣረጋጊጽካ ዲኻ ኢላ ጽሒፋትለይ*” ኢሉ ዝነገረኒ ኩሉ ጊዜ እዝከረኒ። እንታይ ማለታ ምዃኑ እኳ ካብኣ እንተ ዘይሰማዕኩ መልእኽታ ግና ነቲ ኣምላኽ ካብ መሰንገለ ኣዳም ሰብይቲ ሰሪሑ ብምምጻእ ንሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ስጋ ዝገብሮም ምስጢር ብኸምኡ ዲኻ ትቕበለኒ ዘሎኺ ዝበለቶ ኰይኑ እስምዓኒ። ኣምላኽ ንኣዳም ካብ መሰንገሊኡ ንሄዋን ፈጢሩ ምስ ኣምጽኣሉ *ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ዘሐጕስ ኣቀባብላ ኣዳም ንሄዋን* እዩ። ኣብ ከቢድ ድቃስ ዝነበረ ኣዳም፣ እታ ስጋ ካብ ስጋኡ፣ እታ ዓጽሚ’ውን ካብ ዓጽሙ ምዃና ምእማኑ ዓቢዩ ነገር እዩ። እዚ ሚስጢር እዚ ብኸመይ ኣምላኽ ንኣዳም ገሊጽሉ እኳ እንተ ዘይተነጸረ፣ በዚ ቃል እዚ እቲ ኣብ ቅድሚ ኣዳም ዝነበረ ኣምላኽ እዝዩ ዝዓገበ ኰይኑ እስምዓኒ። ኣምላኽ ድማ ነቲ ቃል ኪዳን “

*ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ፣ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይጣበቕ፣ ሓደ ኣካል ድማ ይኾኑ*" (ዘፍ 2፣ 24) ብምባል ዘበን ዘይልወጥ ኣምላኻዊ ትእዛዝ ብምሃብ ዛዘሞ።

- እምበኣርከስ ኣምላኽ ባዕሉ ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ፈላሚ መስራቲ ቃል ኪዳን ኾነ።
- ቃል ኪዳን ምስ ውድቀት ሰብ ዝተሓሓዝ ዘይብሉ፣ ሰብ ብንጽሁ፣ እግዚኣብሄር ብሕጉሱ ዝተተኽለ ስርዓት ኣምላኽ እዩ።
- ቃል ኪዳን ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጽቡቕን ምሉእን ናብራ ዘይነበረ ብሕታውነት ሰብ፣ ጽባቐን ምልኣትን ዝህብ ጥንታውን በኹርን ኪዳናት እዩ።

*እዚ ጥንታውን ቅዱስን ዝኾነ ቃል ኪዳን ከምቲ ኣምላኽ ዝደለዮ ኪዕቀብ እንተ ኮይኑ እተን ናይ ቃል ኪዳን ወርቃውያን ትእዛዛት ኣምላኽ ዝኾና- ምሕዳግ፣ ምጥባቕን ከምኡ ሓደ ስጋ ምዃን ብሹሉምናብ ስርዓት ቃል ኪዳን ዚበጽሑ ኣመንቲ ኪትግበራ ኣለወን።* ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብስጋ ተገሊጹ የስትምህረሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ፈሪሳውያን ንዝሓተትዎ መልሲ ንምሃብ እቲ ጥንታዊ ስርዓት ኣምላኽ እዘን ሰለስተ ትእዛታት ቃል ኪዳን እዩ ገሊጹሎም (ማቴ 19፣ 4-5)። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ብዛዕባ ቃል ኪዳን ኪጽሕፍ ከሎ ነቲ ጥንታዊ ትእዛዝ ቃል ኪዳን፣ ጐይታና ዝደገሞን ቃል፣ እቲ ዝዓበየ ሚስጢር ቃል ኪዳን ምዃኑን ኪትግበር ከም ዝግብኦን ገሊጹ ኣሎ (ኤፌ 5፣ 30)። *ምሕዳግ፣ ምጥባቕ፣ ሓደ ስጋ ምዃን* ክንብል ከሎና እንታይ ማለትና እዩ

## 4.1 ምሕዳግ

እቲ ጥንታዊ ስርዓት፣ ንኣዳም እተነግረ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ክጠብቕን ክወሃሃድን (ሓደ ስጋ ኪኸውን) እዩ። እዚ ትእዛዝ'ዚ፣ ነቲ ዝሕደጉ ኣቦን ኣደን ዘይነበሮ ኣዳም፣ ጥራሕ ከምዘይኾነ፣ ዘጠራጥረና ኣይኮነን። እኳ ድኣ ከምቲ ብዘበን መሴ ነቲ ጥንታዊ ትእዛዝ ኣምላኽ ሸለል ብምባል ብትሪ ልቢ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣንስቶም ይፈትሑ ዝነበሩን ዘለዉን ደቂ ኣዳም ኲሎም እዩ እተዋህበ። ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ፣ ኣብ ቃል ኪዳን፣ ኣቦኻ ኣዴኻን ዘይምሕዳግ ናብ ፍትሕ ከብጽሕ ተኽእሎ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ከምዚ ናትና ሓያል ናይ ቤተ ሰባዊ ምትእስሳር ዘሎዎ፣ ንናይ ብዙሓት መጻምዲ ጠንቂ ፍትሕ ምዃኑ ንጹር እዩ። ካብዚ ጭንቂ እዚ ንምንጋፍ ከምቲ ጐይታና ዝበሎ ምሕዳግ ኣብ ሓዳርና ተግባራዊ ክኸውን ኣለዎ።

*መን'ዩ ዝሕደግ፣ እቶም ዘዕበዩ፣ ዝሓብሓቡ፣ ከዲኖም ዘማምቑ፣ ዘምሃሩ ኣቦን ኣደን እዮም ዝሕደጉ። እቶም ኣዝዮም ዝቐርቡና ኣቦን ኣደን ክንሓድግ* ካብ ተኣዘዝና *ናይ ካልኦት ማለት ኣሕዋት፣ ኣሓት፣ ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን።* ናይ ኣዚኻ እትፈትዎ ብግልኻን ብጒጅለን እተሕልፎን ጊዜ እተጥፍኣሉን ዝነበርካ መዘናግዒ፣ ልምዲን ወልፍን ገዲፍካ ምስ ሰበይትኻ ንምጥባቕ'ውን ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ከምቲ ንጐይታ ብሓቂ ክትስዕብ እንተ ኴንካ ክትገድፎም ዝግብኣካ እንታዎት ምዃኖም እተነገረ፣ ከምኡውን *ሓዳር ክሳብ ወለዲ ክትገድፍ እትግደደሉ ዋጋ የኽፍል እዩ* (ዘፍ 2፣ 24)። ከምቲ ኣርዑት መስቀል ንምጻር ዘይበቅዕ ወደ መዘመር ኺኸውን ዘይኽእል፣ ኣርዑት ሓዳር ክጸውር ዘይክእል መጻምዲ'ውን ንሓዳር ብቑዕ ኣይኮነን። እዚ እንታይ ማለት ኪኸውን ይኽእል።

ብዙሓት ናይ ስነ ኣእምሮ ምሁራት ከም ዝገልጽዎ ኣደ ንወዳ ልዕሊ በዓልቲ ቤቱ ክትከውን ድሌት ኣለዋ። ወዳ ምስ ሰብይቱ ክጣበቕ፣ ቀዳምነት ንበዓልቲ ቤቱ ክሰርዕ ከሎ ቅንኣት ይሓድራ። ካብ ቅንኣት እተላዕለ፣ ኣብ ሰበይቲ ወዳ ብዙሕ ውዲት ክትኣልምን ኣሉታዊ ነገራት ሃሰስ ክትብልን ትጽዕር። ነዝን ከምዝን ዝኣመሰለ ብኣደን ብኣቦን ክመጽእ ዝኽእል ሓደገኛ ሳዕቤን ፈውሱ "*ኣቦን ኣደን*" *ምሕዳግ እዩ*። ቃል ብቓሉ እንተ ወሲድናዮ እቲ ንሓዳርናን ንቓል ኪዳንናን ኪንከፍሎ ዘሎና ዋጋ ዓብዪ ምዃኑ ብሩህ እዩ። ነዚ መለኮታዊ ትእዛዝ እዚ ናይ ባዕልና ትንታነን ትርጒምን ክንህበሉ፣ ሃሳዪ ባህልን ልምድን ከነጒዝጒዘሉ ኣይንኽእልን ኣይግባእን'ውን እዩ። ብሓጺሩ ኣብ ሓዳርናን ንሓዳርና ብዝምልከትን በዓልቲ ቤትና ቅድሚ ወለዲ ክትስራዕ ኣለዋ። ከምኡውን እታ ኣቦን ኣደን ሓዲጋ እትመጽእ ሰበይቲ ኣብ ሓዳራ ንበዓል ቤታ ቅድሚ ኣቦኣን ኣዲኣን ክትሰርዕ ኣለዋ። ምናልባት ኣብዚ ምሕዳግ ምስቲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ዝጻረሮ ዘሎ ክመስለና ይኽእል እዩ።

*ምሕዳግ ምስቲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ዝብል ትእዛዝ ኣይጻረርን እዩ። ምኽንያቱ ንኽልቲኡ ዝኣዘዘ እቲ ሓደ ኣምላኽ እዩ።* ማለት ኣብ ሓዳር ኣርዑት ፍቕሪ ዝጸመዱ ክልቲኦም ሰብኣይን ሰበይትን ጥራሕ እዮም እምበር ሳልሳይ ኣካል ዝበሃል ፈጺሙ የለን። እዚ ትእዛዝ'ዚ ነቲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣይተኽብር፣ ኣይትሕለየሎም፣ ምስኦም ዘሎካ ርኽብ ንዘለኣለም ብተኾ ማለት ከም ዘይኮነ ኲላትና ንዝግዖ

ኣይመስለንን። ከምኡ ማለት ከም ዘይኮነ *“ሓደ’ኳ ነቶም ኣዝማዱ፣ ምናዳ ግና ንስድራኡ ዘይሓሊ እንተሎ፣ ንሱ እምነቱ ዝኸሓደ ካብቲ ዘይኣምን’ውን ዝገደደ እዩ”* (1 ጢሞ 5፣ 8) ዝብል ቃል የነጽረልና። እንኳንዶ ንወለድና ነቦሓጎታትና ንእኖ ሓጐታትናን እኳ ውሬታ ክንመልስ ከም ዝግብኣና ጽሑፍ ንጹር ትእዛዝ ሂቡና ኣሎ፣ *“... ንሳቶም ቅድም ንስድራኦም ብምክንኻን መንፈሳዊ ግቡኦም ምፍጻም ይመሃሩ፣ በዚ ከኣ ንወለዶምን ነቦሓጎታቶምን ውሬታ ኪመልሱ እዮም”* (1 ጢሞ 5፣ 4)። ነዚ ከም መመኽነይታ ተጠቒምና ስድራና ዕሽሽ ክንብልን ካብቲ ንወለድና ክንገብሮ ዝግብኣና መንፈሳዊ ግዴታ ክንሃድም ኣይግብኣናን እዩ። በዚ ምኽንያት ንስድራኡ ግቡኡ ዝነፍግ ከምቲ እስራኤላውያን ምእንቲ ስርዓቶም ስርዓት ኣምላኽ *“እቲ ካባይ ዚግብኣኩም ሓገዝ፣ ንኣምላኽ መባእ ገይረዮ እየ፣ ዚብል ሰብ ነቦኡ ወይ ነዲኡ ኬኽብር ኣይግደድን እዩ”* (ማቴ 15፣ 5-6) ብምባል ስርዓት ኣምላኽ ዘፍርሱ ዝነበሩ እሞ እተወቐሱ ብጉልባብ ምሕዳግ ትእዛዝ ኣምላኽ ኣይነፍርስ።

ምሕዳግ ብሰንኪ ቀንጠባዊ ጸገማት ኣብ ደገፍ ወለዶም ንዝምርከሱ ሰባት ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምኡውን ባህርያት ወለዲ ኣዝዩ እተፋላለየ፣ ገለ ወለዲ ማይ ቀጠነ ዝኣመሎም፣ ገሊኦም ወለዲ’ውን ደገፍቲ፣ ንዘይብሱል ተመኵሮ ውላዶም ሓብሓብቲ ተኸልቲ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። ተጻመዲ ንፍሶም ዝኽእልሉ መገዲ ሃሰው ክብሉ ኣለዎም። ብመጠን እትወሃቦን እትድገፎን ኣብ ሓዳርካ ናይ መንፈሳዊ ውሳኔኻ ዋና ክትከውን ከጸግመካ ይኽእል እዩ። ሰብ ጸጋ ወለዲ ከመርዕዉና፣ ሓዳር ከትክሉናን ኪድግፉናን ንቡርን ግቡእን ይመስለኒ። ብሰሪ እዚ ኣብ ሓዳርናን መንፈሳዊ ናጽነትናን ከመጽእ ንዝኽእል ጠንቅታት ክንሕሎ እንተ ኮይኑ ግና *“ካብ ሰቡሕ ብዕራይ ምስ ጽልኢ ጸሕሊ ሓምሊ ምስ ፍቕሪ”* (ምሳ 17፣ 1) ምርጫና ኪኸውን ግድን እዩ። *“ምሕዳግ” ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ’ሞ በቲ ቅኑዕ መንፈሱ ተኣዚዝና፣ እንረኽቦ በረኸት ኣምላኽ ምርጫና ይኹን።*

## 4.2 ምጥባቕ

ምጥባቕ ሓጺን ኣብ ማግነት ከም ዝጠብቕ፣ ወይ ስርናይ ምስ ስገም ከም ዝሕወስ፣ ወይ’ውን ከምቲ ዝኾነ ጽግዕተኛ ኣብ ሰብ ዝለግብ ኣይኮነን። ምጥባቕ ከምቲ ርእሲ ምስ ካልእ ኣካላት ሰብነት ዝጣብቕ እሞ ርእሲ ካብ ሰብነት፣ ሰብነትውን ካብ ርእሲ እንተ ተፋላልዮም ክንብሩ ዘይክእሉ እዩ (1 ቆሮ 12፣ 21-26 )። ርእሲ ሰብኣይ ሰብይቲ ፣ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ክርስቶስ እዩ። እቲ ንሰብኣይን ሰበይትን ብቓል ኪዳን ዝጣብቐሉ ማሕጠር ኣእምሮና ከበጽሖ ኣይክእልን እዩ። ኣብቲ ኣምላኽ ብምንፈሱ ዘጣብቖ ምስጢሩ ንሕናውን ብፍቕርን ብቓሉን ስምረትናን ጻዕርናን ከነርኢ ግዴታ ኣሎና። ምኽንያቱ በብዕለቱ ብቓሉን መንፈሱን ዝዓቢ ፍቕሪ እንተ ዘየርኢና ብዘይ ድሌትናን ጻዕርናን ከመጽእ ዝኽእል ኣውቶማቲኽ ምጥባቕ የለን።

እቲ ንሰበይቱ ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ከም ኣካሉ ተቐቢሉ ኣብኣ ዝጠበቐ ከምቲ ንኣካሉ ዘፍቅሮ፣ ብጽሬትን ንጽህናን ዝሕዞ ዝምግቦ፣ ዝከናኸኖ ገይሩ ይከናኸና። ካብዚ ሓሊፉ ገዛእ ኣካሉ ዝጸልኣሉ ምኽንያት የብሉን። *“ኣቱም ሰብኡት ከምቲ ክርስቶን ንቤተ ክርስቲያኑ ብቓልን ብምሕጻብ ማይን ኣጽርዩ ምእንቲ ኪቕድሳ፣ ርስሓት ወይ ዕጣር ወይ ድማ ንእኡ ዚመስል ካልእ ከፋኣት ዘይብላን ክብርቲ ቤተ ክርስቲያን ገይሩ ምእንቲ ኬቕርባ፣ ኣብ ክንዳኣ ገዛእ ርእሱ በጃ ክሳብ ምሃብ ዘፍቀራ፣ ከምኡ ከኣ ኣቱም ሰብኡት ንተን ኣንስትኹም ከም ገዛእ ሰብነትኩም ገርኩም ኣፍቕርወን። እቲ ንሰበይቱ ዜፍቅር ንገዛእ ርእሱ እዩ ዜፍቅር። ከምቲ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያኑ ዚከናኸና፣ ሰብ ንገዛእ ሰብነቱ ይምግቦን ይከናኸኖን እምበር፣ ገዛእ ሰብነቱ ዚጸልእ ሓደ እኳ የልቦን”* (ኤፌ 5፣ 25-29)።

ድሕሪ ምጥባቕ ምስታእዛ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ፣ ስጋ ካብ ስጋይ ኢልካ እተቐበልካያ ናይ ናብራ ብጸይቲ ብፍቕሪ ዝነጻጽለካ፣ ክልተ እተፋላለኻ ኣካላት ዝገብረካ፣ ኣነን ናተይን ዘብለካ ስጋዊ ባህርይ ክጠፍእ ኣለዎ። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ፣ ኣብ መንጎ እቲ ብቓል ኪዳን ዝጣበቐ ሓደ ሰብነት ተጻመድቲ *ዓቕሊ፣ ለውሃት፣ ምጽዋር፣ ምትእምማን፣ ትዕግስቲ፣ ተስፋን ሓጐስን ኪዝውተር ኣለዎ። ቅንኣት፣ ጃህራ፣ ትዕቢት ንርእሰይ ይጥዓመኒ ንስድነትን ቦታ ክህልዎ ኣይግባእን* (1 ቆሮ 13፣ 4-7)። እዚ ምጥባቕ እዚ ብኣምላኻዊ ፍቕሪ ምስ ተሰነየ ፦

- ምክንኻን (CARE)፦ ሰብይቲ ንሰብኣያ (ርእሳ)፣ ሰብኣይ ከኣ ንሰበይቱ (ኣካሉ) ይከናኸኑ።
- ሓልዮት (CONCERN)፦ ሰብኣይን ሰበይትን (ብመውስቦ) እተጣብቁ ንሓድሕዶም ይተሓላለዩ
- ምግዳስ (THOUGHTFUL)፦ ሰብኣይ ንሰበይቱ ይግደሰላ፣ ሰብይቲውን ንሰብኣያ ትግደሰሉ
- ጽምምባል (ATTENTION)፦ ሰብኣይ ንሰበይቱ ጽን ይብላ፣ ሰብይቲውን ንሰብኣያ ጽን ብምባል ይሰማምዑ
- ኣኽብሮት (REGARD) ፦ሰብኣይ ንሰበይቱ የኽብራ፣ ሰብይቲውን ንሰብኣያ ተኽብሮ

- ምጥንቃቕ፦ ሰብኣይ ንሰበይቱ ይጥንቀቐላ፣ ሰብይቲውን ንሰብኣያ ትጥንቀቐሉ

በዚ ፍቕሪ እዚ እተጣበቕና፣ ፍቕርና'ውን እናማዕበለ ሃልሃልታኡ እናሓየለ እንተ ከደ፣ ከምቲ ኣብ መሃልየ መሃልይ ተጻሒፉ ዘሎ *"ንፍቕርስ ብዙሕ ማያት ኣየጥፍኣንእዩ"* (መሃ 8፣ 7)።

## 4.3 ሓደ ስጋ ምዃን

እቲ ናይ መጨረሻ ሸቶ፣ ናይ ምሕዳግን ምጥባቕን ሓደ ስጋ ምዃን እዩ። እቶም ዝዓበየ ሕብረት ዝመስረቱ፣ ኣብ ዘበነ ሃዋርያት ዝነበሩ ኣመንቲ (ቤተ ክርስቲያን) ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ብመንፈሱ *ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን* ነበሩ (ግብ 4፣ 12)። እዞም ብቓል ኪዳን ንእሸቶ ቤተ ክርስቲያን (Cell Church) ዝምስርቱ ተጻመድቲውን ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ናብ ምዃን ደረጃ ክሳብ ዚብጽሑ እዮም ዝወሃሃዱ። እዚ ምወህሃድ እዚ ነቲ ዝሓለፈ ትምህርቲ የጠቓልለልና። ምኽንያቱ፦

1. በፈጣጥራኦም፦ ሄዋን ካብ መሰገለ ኣዳምእያ ተፈጢራ። ነዚ እተረድኣ ኣዳምድማ *"እዛ ዓጽሚካብ ኣዕጽምተይ፣ እዛ ስጋ ድማካብ ስጋይ እያ"* ንምባል ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ስጋ ምዃኖምኣመነ።
2. ብቓሉ፦ *ሰብኣይን ሰብይትን ሓደ ስጋ እዮምእምበር ክልተስ ኣይኮኑን* ይብለና።
3. ብምሳሌኦም፣ *ሰብኣይ ከም ርእሲ፣ ሰብይቲ ከም ሰብነት፣ ወይውን ሰብኣይ ከም ክርስቶስ፣ ሰበይቲ ድማከምቤተ ክርስቲያን* ተመሲሎምኣለዉ።

እዚ ትምህርቲ እዚ ፍልስፍና ኣይኮነን። ዓለም በዚ ሕጂ ዘላቶ ኣጠማምታ ከይተበከለት ከላ፣ ኣዳምን ሄዋንን ድማ ብሓጢአትን ሳዕቤኑን ከይተመራስሑ ከለዉ እተዋህበ ብሹነታት ደቂ ሰባት ዘይልወጥ፣ ጥንታዊ፣ ኣምላኻውን በዅሪ ትእዛዛትን እዩ። ሎሚ ንቓል ኪዳን፣ ትሪ ልቢ፣ ዘይምምሃር፣ ልምድን ባህልን ዓብሊልዎ እኳ እንተሎ፣ እቲ መለኮታዊ ትእዛዝ ኣምላኽ ግና ንሱ እዩ። ብርግጽ ንዓለም ምቕባሉ ጭንቂ ኮይንዋ ኣሎ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ ንዝመላለሱ እዙዛት ደቂ ኣምላኽ፣ ንቓል ኪዳን ካልእ ምርጫ ክንምጽኣሉ ኣይግብኣናን።

# 5. *ቃል ኪዳን ዘድልየሉ ምኽንያታት (ዕላማታት ቃል ኪዳን)*

## 1 ብቕዕቲ መንፈሳዊት ደጋፊት (ብቑዕ መንፈሳዊ ደጋፊ) ንምርካብ

ኣምላኽ ሰብኣይ በይኑ ኪነብር ጽቡቕ ኣይኮነን በለ። እቲ ብኣምላኽ እተገብረ መፍትሒ'ውን ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ምግባር ነበረ (ዘፍ 2፣ 18)። ከም ደቂ ኣምላኽ እቲ ዝዓበየ ክንምልሶ ዘሎና ሕቶ ኣበየናይ ክፋል ናብራ ህይወትና ብዝያዳ ብቑዓት ተደጋገፍቲ ምዃን ዝብል እዩ፣፣ ኣብ ኵሉ ዝብል መልሲ ከምእንምልስ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተዀነ፣ እቲ ዝዓበየ ከምዕላማ ዝያዳ ትዅረት ክግበረሉ ዝግባእ ቃል ኪዳንና መቕጸልታ ናይቲ በብግልና ዝወሰንናዮ ሰማያዊ ጕዕዞ ኪኸውን ከሎ እዩ። ኣብ ሓዳርና ከም ኣመንቲ መጠን ነቲ *"ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፣ እዚ ኵሉ ድማ ይውሰኸልኩም"* (ማቴ 6፣ 33) ዝበሎ ከም ቀዳማይ ዕላማና ገይርና ንሓድሶ። ቀንዲ ምድግጋፍና ንመንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ገይርና ንሓዝ፣ እቲ ዝተረፈ ናይ ሓዳር ዕላማድማ ናይ ጽድቅን መንግስቲ ኣምላኽን ውጽኢትን ፍረን ክኾነልና ከሎ ኣዝዩ ዝበለጸ፣ ዝመቀረን ዘሓጕስን ኪኾነልና እዩ።

ኣብዛ ምድሪ እዚኣ እቲ ዝዓበየ ህያብና ብክርስቶስ ውሉድ ኣምላኽ ናይ ምዃን መሰል ምርካብና እዩ። *"ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኵሉም፣ ብስሙ ንዝኣምኑ ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። ንሳቶም ካብ ኣምላኽእምበር ካብ ደም ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱእዮም"* (ዮሃ 1፣ 12- 13)። ነቲ ካብ ደም ወይ ፍቓድ ሰብኣይ ወጻኢ መሰል ውልድነት ዝረኸብናሉ እምነት ክርስቶስ፣ ንእኡ ዝበቅዕ ናይ ጽድቅን ቅድስናን ናብራ ክንነብር ግድን እዩ። ሓዳርናውን መቕጸልታ ናይዚ ውሳነ እዚ ኪኸውን ከም መጻምዲ ብቐዳምነት ክንሰማምዓሉን፣ ከም ቀዳማይ ዕላማና ቃል ክንተኣታተወሉን፣ ዘሎና ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። እቲ ዝዓበየ፣ ቅድሚኵሉ ዕላማታት ክስራዕ ዘለዎ፣ ነቶም ድሒሮም ዝጥቀሱ ዕላማታት ቃል ኪዳን ዝኣስርን ዘጽንዕን እዚ እዩ። *"ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ"* (2 ቆሮ 6፣ 14)፣ ማለት ኣማኒ ምስ ዘይኣማኒት ወይ ኣማኒት ምስ ዘይኣማኒ ኣብ ሓደ ኣርዑት ሓዳር ክንጽመድ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት ንውልደነትና ዝበቅዕ ዕላማ ሓዳር ምእንቲ ክህልወና እዩ። እምበኣርከስ ተጻመድቲ ኣብ ናብራኦም ነዚ ዝበቅዕ ህይወት ኪነብሩ ንሓድሕዶምነዚ ዕላማ'ዚ ብቑዓት ተደጋገፍቲ ኪኾኑ ኣለዎም።

ኣብ ብሉይ ኪዳን እስራኤላውያን ንኣቦነትን ፈጣሪነትን ኣምላኽ ብምጥላም ካብ እምነት ወጻኢ ዝኾና ኣንስቲ ምስ ኣእተዉ ብነቢዪ ሚልክያስ ዝመጾም ቃል ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ነበረ፦ *"ኵላትና ሓደ ኣቦዶ ኣይኮንን ዘሎና፣ ሓደ ኣምላኽዶ ኣይኮንን ዝፈጠረና፣ ስለምንታይ ደኣ ኪዳን ኣቦታትና እናርከስና ንሓድሕድና ንጠላለም። ይሁዳ ነቲ ዘፍቀሮ ናይ እግዚኣብሄር ቅዱስ ነገር ኣርኪስዎ፣ ጓል ጓና ኣምላኽ ተመርዕዩ እዩ'ም፣ ይሁዳ ጠለመ፣ ኣብ እስራኤልን ኣብ የሩሳሌምን ጽያፍ ተገብረ፣ እግዚኣብሄር ነቶም ከምዚ ዚገብሩ ካብ ማሕበር ደቂ እስራኤል ይመንቀዎም፣ ኣብቲ ህዝብና ንእግዚኣብሄር ዘቕርቦ መስዋእቲ ከቶ ኣይጸንበሩ"* (ሚል 2፣ 10- 12)። ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም እስራኤል ገይሩ ኢድ ኣምላኽ ዝረኣየን ተኣምራት ኣምላኽ ዘስተማቐረን ህዝቢ ኣይነበረን (ዘዳ 4፣ 32-39)። ኣምላኽ፣ ካብ እምነቱ ከየዘብላኦ ንህዝቡ ካብቶም ጣኦት ዘምልኻ ኣንስቲ ከይምርዓዉ ኣሕሚሙ ኣጠንቂቕዎም ነበረ (ዘዳ 7፣ 4)። እምበኣርከስ ክልተ፣ ናብ ሓዳር ክኣትዉ ዝወሰኑ ኣመንቲ ፣ ክልቲኦም ብሓባር ከምቲ ኢያሱ *"ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል"* (ኢያ፣ 24 15)፣ ናብ ዝብል መደምደምታ ክበጽሑ ኣለዎም። እዚ ከኣ ነቲ ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ ዝበለ ጐይታ ብሓቅን ብመንፈስን ከገልግሉ የኽእሎም።

ክርስቶስ ብመርዓዊ፣ ሰበይቲ ከኣ ብቤተ ክርስቲያን ካብ ተመሰለት (ኤፌ 5፣ 31-32)-፣ ቤትና ንእሽቶ ክፋል ናይታ ክርስቶስ ዝርእሳ ዓባይ ቤተ ክርስቲያን ክትመስል ኣለዋ። ሰብ ሓዳር ዝነበሩ ኣመንቲ ክርስቶስ፣ ጵርስቅላን ኣኪላስን (ሮሜ 16፣ 3፤ 5፣ 1ቆሮ 16፣ 19)፣ ስደራ ቤት እስጢፋኖስ (1 ቆሮ 16፣ 15)፣ ቤት ፊልሞና (ፊል 1፣ 2) እንዳ ማርያም ኣደ ማርቆስ ንኣገልግሎት ኣመንቲ ኵሉ ጊዜ ክፉታት ነበራ። ቤተ ክርስቲያን ሎሚ ካብ ስደት ዓሪፋ ሰላም ኣብ ዝረኸበትሉ፣ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ተሰሪሑ ኣመንቲ ናይ ሓባር ኣምልኾ ዘካይድሉ ህንጻ ቤተ ክርስቲያን ኣለዎም። እንተኾነ ሎሚ'ውን ቤት ኣመንቲ ክርስቶስ ክግልገለሉ፣ መጻምድን ደቆም ገዛእ ርእሶም ንኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ ህያው መስዋእቲ ክቕርቡ; ክፋል ቤት ክርስቲያን (Cell Church) እትኸውን ቤት ክምስርቱ ኣለዎም። እግሪ ቅዱሳን ዝሕጸበሉ ዝጸበቦም ራህዋ ዝረኽብሉ፣ ኵሉ ሰናይ ግብሪ ዝሰዓበሉ ቤት (1 ጢም 5 9-10) ቤት ሰብ ሓዳር ኣብዚ ምድሪ ከይተረፈ ብኣምላኽ ዓቢዩ ቈላሕታ ኣለዎ። ናብ መዓርግ ኤጲስ ቆጶስ ዘብጽሕ ረቛሒ'ውን መሰረቱ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰናይ ተግባራት ዝፍጸመሉ ቤት ነበረ (1 ጢም 3፣ 4)። እቶም ቤቶም ንጽድቂ፣ ንምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ፣ ንኣገልግሎት ቅዱሳንን፣ ንሰናይ ግብሪን ዘውዕሉ ኣመንቲ ከም ኣብርሃም ንስላሴ፣ ከም ሎጥ ንመላእኽቲ ናይ ምቕባል ደረጃ ዘልዎ ዓስቢ ይረኽቡ ነበሩ፣፣ ስለዚ ንኣገልግሎት ቅዱሳንን ቅዱስ ነገርን ዝውፈ ቤት ብምምስራት ነቲ ኣብ ኣፍ ደገ ቤትና ኰይኑ ዝኵሕኵሕ ክርስቶስ ማዕጾና ወትሩ ክንከፍተሉ ድልዋት መጻምዲ ንኹን።

## 2ይ. ውሉድ ንምውላድ

ኣምላኽ ካብ ዘፍጥረት ጀሚሩ ንኣዳምን ንሄዋንን *"ፍረዩን ተባዝሑን፣ ንምድሪ ከኣ ምልእዋ..."* (ዘፍ 1፣ 28) ኢሉ ባረኾም። ብርግጽ ውሉድ ህያብን ኣምላኽ ዝህበካ በረኸትን እዮም። *"እንሆ ውሉድ ወህበት እግዚኣብሄር እዮም፣ ንሳቶም እግዚኣብሄር ዝህበካ በረኸት እዮም"* (መዝ 127፣ 3)። እግዚኣብሄር ንቓል ኪዳን ዝመስረተሉ ካልእ ዕላማ *" እግዚኣብሄር ሓደ ኣካልን ሓደ መንፈስን'ዶ ኣይገበረኩምን እዩ? ስለምንታይ'ከ ነዚ ገበሮ? ናይ ብሓቂ ህዝቢ እግዚኣብሄር ዝኾኑ ደቂ ምእንቲ ክትወልዱ ኢሉ እዩ"* (ሚል 2፣ 15) ምዃኑ የነጽረልና። ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም በዓል ሳራን ኤልሳቤጥን ኣብ እርጋነን ዝወለዳ፣ ከምኡን ርብቃ፣ ራሄል፣ ሃናን ካልኦትን ደንጒየን ከም ዝወለዳ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘይምውላድ ጥራሕ ዘይኮነ ፣ ገለ ሕማማት ከም ስንክልናን ከም ሕማም ቈርበት ዝኣመሰሉ ካልኦትን ከም መርገም ወይ'ውን ከም ጽዩፋት ይቖጸሩ ነበሩ። ድሕሪ እቲ ኵሉ መርገምን ሓጢኣትን ንምድምሳስ እተሰቕለ ክርስቶስ ጐይታና ግን (ገላ 3፣ 13) ዘይምውላድ ከም መርገም ዝርኣየሉ ምኽንያት የብሉን።

ድሕሪ መርዓ ብእተፋላለየ ምኽንያት ውሉድ ዘይክንወልድ ንኽእል ኢና። ብዛዕባ'ዚ ኣብቲ ድሕሪ መርዓ ዘጋጥሙጸገማት ብዝርዝር ገሊጽናዮ ኣሎና። ኣብዚ ክነነጽሮ እንደሊ ኣምላኽ ብዝባርኾ እዩ ዝባርኸካ። ኣብ ብሉይ ኪዳን'ውን ነቶም ውሉድ ብዘይምውላዶም ኣምላኽ ካብ ሕብረት እስራኤል ከም ዝፈለዮም ዝስምዖም ዝነበረ ስሉባት ከምዚ ክብል መለሰሎም። *"እቲ ስሉብ ድማ ውሉድ ስለ ዘይብሉ ወዲ ማሕበር ህዝቢ ኣምላኽ ክኸውን ኣይክእልን እየ ኣይበል። ነዚ ሰብ እዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብሉ ኣሎ፦ ሰናብተይ እንተ ሓሎኻ፣ ንኣይ ዜሐጒስ እንተ ደኣ ሓሪኻ፣ ኪዳነይ ከኣ እንተ ኣጽኒዕካ፣ ኣነ ኣብ ቤተይን ኣብ ውሽጢ ደምበይን ስፍራ፤ ካብ ኣወዳትን ኣዋልድን ዚበልጽ ድማ ስም ክህበካ እየ፣ እወ ዘይርሳዕ ዘለኣለማዊ ስም ክህበካ እየ"*(ኢሳ 56፣ 3-4)። ከም ሰብ፣ እቲ ዝጨንቆ ዘይብሉ እግዚኣብሄር ንድሌት እቲ ስሉብ ከማልእ ኢኻ እትጽበ። ግናኸ እግዚኣብሄር ነቲ ድኑስ፣ ካብ ዓራት ድናሰኡ ኣብ ክንዲ ምንጋፍ ዓራቱ እንተ ኣንጺፍሉ (መዝ 41፣ 1-3 ወይውን ንዓይነ ስውራን ኣብ ክንዲ ብርሃን ጥበብ እንተ ሂብዎም'ውን (መዝ ) ከም እዙዛት ውሉድ ኣሜን ምባል እዩ ተራና።

ኣምላኽ ወላድ ዘይሃቦም መጻምድቲ ድማ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ንእኡ ዘሐጉስ ክሓርዩን ነቲ ብስሙ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳኖም ኺሕልዉን ብኹሉ መመስገንቲ ኪኾኑ ጽዉዓት እዮም። ምርጫኦም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክነብሩ ኣብ ዝወሰንሉ ድማ ኣምላኽ *ካብ ወላድ ዝበልጽ ኣብ ቤቱን ኣብ ደምቢኡን ስፍራ፣ ካብ ወላድ ዝበልጽ ዘይጠፍእ ዘለኣለማዊ ስም ከም ዝህቦም ቃል ኣትዩሎም ኣሎ።* ኣብ ቃል ኪዳኑ ወላድ ጥራሕ ዕላማ ዝገበረ ሰብ እንተ ዘይወሊዱ ይፋታሕ ይኽውን። ኣብቲ ሓቀኛ ስርዓት ኣምላኽ ዝኾነ ቃል ኪዳን ብሰሪ ዘይምውላድ ምፍታሕ ቅቡል ኣይኮነን።

## 3ይ. ካብ ዝሙትን ኣመንዝራነትን ምርሓቕ

እቲ ሳልሳይ ዕላማ ቃል ኪዳን (መውስቦ) ካብ ዝሙትን ኣመንዝራነትን ምእንቲ ክንርሕቕ እዩ። ምኽንያቱ ንዘመውትን ኣመዝራታትን ኣምላኽ ክፈርዶም እዩ (እብ 13፣ 4)። እቲ ፍርዲ ክሳብ ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ወጹእ ምዃንን (ራእ 22፣ 14) መንግስቲ ኣምላኽ ዘይምውራስን ክበጽሕ ይኽእል (ገላ 5፣ 19-21)። ኣምላኽ ነቲ መቕደሱ ዝገብሮ ስጋና ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብል መስዋእትን ጌርና ንኣምላኽ ከነቕርቦ እዩ ኣዚዙና (ሮሜ 12፣ 1- 2)። ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንኣማላኽ ከስምሮ ስለ ዘይክእል፣ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ናብራና ቅድስናና እዩ (1 ተሰ 4፣ 3)። ስለዚ ነቲ ኣካል ክርስቶስ ዝኾነ ሰብነቱ ወሲዱ ኣካል ኣመንዝራ ዚገብር ኣማኒ ወይ ኣማኒት ኣምላኽ ከማስኖም ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ (1 ቆሮ 3፣ 16 -17)።

ቃል ኣምላኽ ኣብ ቃል ኪዳን ተመስሪቱ ንዝግበር መውስቦ ክቡርን ልዕሊ ኵሉ ድማ ንጹህ፣ ርኽሰት ዘይብሉ ምዃኑ ይገልጸልና (እብ 13፣ 4)። ስለዚ ኣብ ቃል ኪዳን ዝፍጸም ርክበ ስጋ፣ ፍርድን ሓጢኣትን የብሉን። ኣብ ህይወትና ዘሎ ስምዒት ፍትወት፣ ብኣምላኽ እተፈጥረ እዩ። ኣብ ስጋና እዚ ስምዒት እዚ ምህላዉ ሓጢኣት ኣይኮነን። እቲ ሓጢኣት ዝኸውን ካብቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ መገዲ ወጻኢ ምስ ዝፍጸም እዩ። እምበኣርከስ ነዚ ፍትወት እዚ ንምርዋይ እቲ እንኮ መፍትሒ ቃል ኪዳን ጥራሕ እዩ። ሃውርያ ጳውሎስ ካብ ብፍትወት ምንዳድን ካብ ዝሙት ንምርሓቕን ምምርዓው ይሓይሽ እሞ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ገዛእ ሰበይቱ ትሃልዎ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲውን ገዛእ ሰብኣያ ይሃልዋ (1 ቆሮ 7፣ 1) ክብል ይመክርን። ኣሕዋተየ፣ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክንረክብ እምበር ክንጠፍእ ስለ ዘይጸወዓና ካብቲ ኣምላኽ ዝጸልኦ ምንዝርና ወጺእና ኣብቲ ቅኑዕ ግዜን፣ በቲ ቅኑዕ መገድን መውስቦና ንፈጽም እዚ ካብ ብዙሕ ፈተና ኪሕልወና እዩ።

ኣብ ሓዳርና (መርዓና) ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ዝሙት ፈተናታት፣ ክንድሕን ነፍሲ ወከፍ መጻምዲ ክፍጽሞ ዝግብኦ ናይ መውስቦ ግቡእ ክፈልጥ ኣለዎ። ኣብ ሓዳርን መርዓን እኳ እንተ ዘይነበሩ ሃዋርያት ኣቦታትና ብዛዕባዚ ብመንፈሱ ተመሪሖም፣ ጽሒፎምልና እዮም። *“ሰብኣይ ንሰብይቱ ዝግባኣ ይግበረላ፣ ሰበይቲ’ውን ንሰብኣያ ዚግብኦ ትግበረሉ፣ ሰበይቲ ኣብ ሰብኣያ እምበር ኣብ ገዛእ ሰብነታ ስልጣን የብላን። ከምኡ ከኣ ሰብኣይ ኣብ ሰብነት ሰበይቱ እምበር፣ ኣብ ገዛእ ሰብነቱ ስልጣን የብሉን”* (1 ቆሮ 7፣ 3-5) ዝብል መምርሒ ኣዕሚቕና ክንፈጥን ክንትግብሮን ክርስቲያናዊ ግዴታ ኣሎና። ብሰንኪ እዚውን ናይ ብዙሓት ኣመንቲ ሓዳር ኣብ ፈተናን ምዕዝምዛማትን ክወድቕ ይኽእል እዩ። ብጥዕናዊ ጸገማትን፣ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ንጸሎት ጊዜ ምእንቲ ኪረኽቡ ንጊዜ ብምስምማዕ ዝወሰንዎ እንተ ዘይኮይኑ፣ እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ናይ መውስቦ ግቡኡ ኪነፍጎ ኣይግባእን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ርክብ፣ ናይ ጾታዊ ፍልልያት ዘሎ ባህርይ ኣብ ሓድነት ክሳብ ዝበጽሕ ናይ ፍቕሪ ቋንቋታት ክንጥቀም ግቡእን ኣገዳስን እዩ (መሃልየ መሃልይ)።

ብዛዕባ ጾታዊ ርክብ ብመንፈሳውያን እተጻሕፉ ርዝነቶም ዝሓለዉ መጻሕፍቲ ምንባብ ሰናይ ምኽሪ ክህቡና ይኽእሉ እዮም። ሎሚ ገንዘብ ዝዕላማኦም ቅጥዒ ዘይብሎም ክርስቲያናዊ ስነ ምግባር ዝጐደሎም ብዙሓት ናይ ጾታዊ ርክብ ኣገባባትን መምርሒታትን ዝህቡ መጻሕፍቲ መምርሒና ክኾኑን ጊዜና ከነጥፍኣሎም ኣይግብኣናን እዩ። ብገለ መጻሕፍቲ ዝወሃብ መምርሒታት እንኳንዶ ክትገብሮ፣ ክስትሰምዖ’ውን ዘጸይፍ እዩ። ኣብ መጽሓፈ ተክሊል ኣቦታትና ሰብ ከም እንስሳ ንግብረ ስጋ ጥራሕ ኢሉ ብድፍረት ናብ መውስቦ ከይንኣቱ ይመኽሩና። ስለዚ ከም ደቂ ቤተ ክርስቲያን ርክበ ስጋ ድማ ከምቲ ግቡእ ኣገባብን ግቡእ ቦታን ጊዜን ክፍጸም ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ተጻማዲ’ውን ክዓግብሉ ኣለዎ። ዘይቅቡል ባህልን ልምድን ኣህዛብ ክንክተል ግና ኣይተጸዋዕናን እሞ ነቲ ሰናይና ኣይነጽርፎ።

## 6. ድሕሪ መርዓ ኣብ ሓዳርና ክነዘውትሮም ዝግብኣና ነገራት

መጻምድቲ ነቲ ቅድሚ መርዓ ዘርእይዎ ዝነበሩ ፍቕርን ሓልዮትን ተገዳስነትን ድሕሪ መርዓውን ካብኡ ብዝተዓጻጸፍ መገዲ ኩሉ ጊዜ ክቕጽልዎ መንፈሳዊ ግዳታ ኣለዎም። ፍቕሪን ንፍቕሪ ዝሕልዉ ስጉምቲታትን ዝያዳ ክትግበሩ ዘለዎም ኣብ ኣርዑት ሓዳር ምስ ኣተኻ እዩ። ብዙሓት ኣመንቲ ድሕሪ መርዓኦም ፍቕሮም ከሐይሉ ጻዕሪ ኣየካይዱን እዮም። ናይ ገሊኦም መጻምዲ እቲ ኣሉታዊ ባህርዮም ኣብ ኣርዑት ሓዳር ምስ ኣተኻ እዩ ዝፍለጥ። ብሰሪ ከምዚ ዝኣመሰሉ ጾርን ሓልፍነትን ቃል ኪዳን ዘይብሎም መጻምዲ ፣ ናብ ቀጻሊ ጣዕሳን ዘየቋርጽ እህህታን ዝኣትዉን ዝኣትዋን ውሑዳት ኣይኮኑን።

ኣብ ቤት ኣምላኽ ዝዓቤና ሰባት፣ ምኽንያት መራኸቢና'ውን እቲ ዘሎና ፍቕሪ ጐይታን ፍቕሪ ኣሕዋትን ኣገልግሎትን ዝኾንና፣ ብሽለልትንትን፣ ብትሪ ልቢን መጻምድና ክንጐድእ ናብ ጣዕሳ ከነእቱን ከሎና መቕጻዕትና ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን እዩ። ርግጽ እዩ ኩላትና ሰባት ነናትና ድኽም ጐድኒ ኣሎና። ብቓሉን ብመንፈሱን ክእለየሉ ንዝደሊ ሰብ ከኣ ንጐይታ ዘይከኣሎ ነገር የለን። ንኣሉታዊ ጐድኒታት፣ ባህርየይ እዩ ኢሉ ዝኣምንን ክእምን ዝፍትንን ሓዉወይ ሓብቲ ግና ንቀንሰሎም ፈውሲ ከሎ ክወስዱ ዘይደልዩ ኣጸገምቲ ሰባት እዮም። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት መንፈሳውያን እዮም ኢልካ ክትቕበሎም ኣጸጋሚእዩ። ቃል ኪዳንና ክዕቀብ፣ ፍቕርና ክጸንዕ፣ ናብራና ብጐይታ ኩሉ ጊዚ ዘሐጕስ ክኾነልና፣ ኣብ ሓዳርና ቀጻሊ ዕብየት ክነርኢ፣ ቀጻሊ ምውሳእ ክህሉ፣ ይቕረታ ናይ ምሕታትን ምቕባልን ባህሪ ክነጥሪ ከምኡውን ናይ ምንእኣድ ልምዲ ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ነዞም ዝጠቕስናዮም ነጥብታት ምትግባር፣ ነቲ ሓዳርን ባህርይ መጻምድኻን ይመስለካ ዝነበረን፣ ኮይኑ ዝረኸብካዮን ጋግ ክዓጽዉ ስለ ዝኽእሉ ነፈሲ ወከፍ ኣማኒ ተጻማዲ ክነተግብሮም ክንጽዕት ኣሎና።

## 6.1 ብዛዕባ ሓዳርን ባህርይ መጻምድካ ይመስለካ ዝነበረን ኮይኑ ዝረኸብካዮን

ድሕሪ መርዓ ከምቲ ሕቡእ መዝገብ ወይ ድማ ክብርቲ ዕንቍ ዝረኸበ ገይሮም ብመጻምዶም ዝሕጐሱ ውሑዳት እዮም። "እቲ ሰበይቲ ዝረከበ ሞገስ ይረክብ" (ምሳ ) እቲ ቀንዲ ጸገም ትጽቢትን ክውንን ነንበይኑ ኮይኑ ስለ ዝጸንሕ እዩ። እቲ ምኽንያት ብዙሕ ክኸውን ይኽእል። ገሊኦም ከምቲ ኣብ ጽሑፍ ዘንበብዎ ፍጹምነት ስለ ዝጽበዩ፣ ንካላኦትውን ኣብ ሓዳር ሓደስቲ ስለ ዝኾኑን ተመኵሮ ስለ ዘይብሎምን፣ ገሌናውን ዘይዓግብ ባህርይ ሰብ ስለ ዘሎና ክኸውን ይኽእል። ከምቲ ብጽባቐ ብባህርይ ብሃብቲ ብትምህርቲ ኲታ ኩሉ ኣሎ ዝበሃል ዘማልኣት ኣማጽኡለይ እተባህሉ ፈላሲ፣ ከምዚኣ እንተ ዝረክብሲ ኣነውን ኣይምመንኲስኩን ኢሎም ዝበሃል፣ ካብ ክውንነታዊ ወጻኢ ክንጽበ የብልናን። ምኽንያቱ፦

ሓዳር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ፍጽምና ለቢሱ ዝኣትዎ ዘይኮነስ፣ ንሓዳር ዘድሊ ገለ ክፉል ሐዙ ዝኣትዎ፣ እቲ ዝተረፈ ኣብ ሓዳር ዝማላእ፣ ኣብ ሓዳር ዝምዕብል ምኳኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ፈለማ ሓዳር ምጅማር ገለ ጕድለትን ድኻምን መጻምድና ብንጹር እናተራእየና ኪኸይድ ይኽእል እዩ። ከም መንፈሳውያን ከምዚ ኣይተጸቤኹኽን፣ ከምዚ ኣይተጽቤኹኻን እናተበሃሃልና ንሓድሕድና ክንቋሳሰልን ናብ ዘየድሊ ጣዕሳን ጓህን ክንኣቱ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። እምበኣርከስ ኣብ ሓዳርና እዞም ዝስዕቡ ነገራት ብቀጻሊ ምስ ዝዝውተሩ ኣብነታውያን ዕዉታት ሰብ ሓዳር ክንከውን ንኽእል።

### 6.1.1ቀጻሊ ዕብየት (Dynamism)

ከምቲ ኣብ ክርስትናዊ ናብራና ቀጻሊ ዕብየት ዘድሊ ኣብ ሓዳርናውን ብኩሉ ናብራና ቀጻሊ ዕብየት ምርኣይ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ሃዋርያ ጴጥሮስ እቶም መንፈሳዊ ባህርይ ክንለብስ ክህልዉና ዝግብኦም እምነት፣ ትግሃት፣ ደግነት፣ ፍልጠት፣ ምግታእ ርእሲ፣ ዓቕሊ፣ ወዘተ (2 ጴጥ 1፣ 5-7) ምስ ጠቐሰ፣ እዚ ነገር እዚ ክህልወና ጥራሕ ዘይኾነስ እናማዕበለ ኪኸይድ ኣዝዩ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ እዩ ዝገልጽ። " እዚ ነገር እዚ እንተ ኣለኩም እናማዕበለ'ውን እንተ ኸደ ሃካያትን ዘየፍርዩን ኣይክትኾኑን ኢኹም" (2 ጴጥ 1፣ 8)። ኩሉ ጊዜ መንፈሳዊ ዕቤት እንተ ዘየሎ ክርስትና ይስልቱ፣ ይመርር እዩ፣ ናብ ውድቀት'ውን ትበጽሕ ኢኻ። ኣብ ሓዳር'ውን ከምኡ ቀጻሊ ዕቤት ብኹሉ ሸነኽ ናብራና እንተ ዘየርኢና ናብራ ክመረና ግድን እዩ። ስለዚ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ንኹለንተናዊ ዕቤት ርእሱ ክውሬ ዝኣዘዞ (1ጢሞ 4 15) ኣብዛ ብንእሽቶ ቤተ ክርስቲያን እትምሰል ሓዳርና ንዕቤት ኩለንተናና ክንውሬ ግድን እዩ። ስለዚ፦

- ንመንፈሳውነትና ብዝምልከት ብቓልን ብግብርን ቀጻሊ ዕብየት ኣብ ሓዳርና ነርኢ።
- ኣብ ኣተሓሕዛ ገዛና፣ ኣቀማምጣ ኣቑሑትናን ንብረትናን ወትሩ ዝሓሸ ምቅይያራት ነርኢ።
- ኣብ ኣከዳድናና፣ ጽሬት ሰብነትናን ደቅናን ገዛናን ኩሉ ጊዜ ጽፉፋት ንኹን።
- ኣብ ኣደላልዋ መግብናን ኣመጋግባናን በቲ ዘሎና ትሕዝቶ ብጥበብን ውሕልነትን መሃዝቲ ንኹን። ወትሩ ኣብ ውሱን ልማዳዊ ኣመጋግባ ጥራሕ ኣይንጸመድ።

- እንተ ተኻኢሉ ብኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርቲ ወትሩ ንዕበ፣ ንዕቤት ክሕግዙና ዝኽእሉ ጽሑፋት ናይ ምንባብ ባህሪ ነጥሪ።
- ኣብ ኩሉ ናብራና መሃዝቲ፣ መስተወዓልቲ፣ ጥበኛታት ንኹን።

ከምቲ ጽሑፍ ዝበሎ ብኩሉ ጥበብን ምስትውዓልን እናዓቤና ኣብ እንኸደሉ *"ቤት ሳላ ጥበብ ይህነጽ፣ ብምስትውዓል ከኣ ይጸንዕ ..." (ምሳ 24፣* 3) ዝበሎ ይኾነልና። ብኸምዚ ዓይነት ጸብለል ዝበለ *መጻምዲ፣* ንመጻምዱ ናብቲ ሓዳር ዝጠልቦ ዘሎ ዕቤት ከብጽሕ ብቑዕ ደጋፊ ክኸውን ቃል ኪዳናዊ ግዴታኡ እዩ። ከመሃር፣ ከዓቢ ዘይደሊ መጻምዲ ክህልወና የብሉን። ከመሃር ንዘይደሊ ኣገልጋሊ ሓደ ኣቦ ብኸምዚ ገሊጾምዎ። *"ንክርስቶስ ብሓቂ ዘገልግል፣ ዘይፈልጦ ከመሃር፣ ዝፈልጦ ድማ ክምህር ይግብኦ። እናጠዓሞ ከመሃርን ክምህርን ዘይደሊ ሰብ እንተ ኾይኑ ርእሲ ክሕደት ምጽጋብ ትምህርቲ እዩ'ሞ ጋኔትን ኣለዎ"*

## 6.1.2 ጥዑይ ምውሳእ (Healthy Communication)

ንመብዝሕትና ደቂ ተባዕትዮ ካብ ስድራና ዝወረስናዮ፣ ካብ ባህልን ልምድን ዝነቐለ ተባዕታዊ ኣነነት ክህልወና ይኽእል እዩ። ደቀ ኣንስትዮ'ውን ገና ካብቲ ምስንካትን ጸብሒ ምስራሕ ዘይሓልፍ ብንጹር ሓሳባትካን ፍቕርኻን ዘይምግላጽ ባህርይ ክህልወን ይኽእል። እዚ ብክርስቶስ ዘይተሓደሰ ህይወት ኣብ ሓዳር'ውን ብኸምኡ እንተ ቐጺሉ ኣብ መጻምድና ሃሳዪ ስምብራት ኣለዎ። ኣብ ሓዳር ኣመንቲ ከይተረፈ ሰብኣይ ካብ ቤቱ ክወጽእ ንሰበይቱ ብፍቕሪ ክሳናበታን፣ ካብ ስራሕ ምስ ተመልሰ'ውን ንስለ ከይተርፍ እህ! ኢሉ ቤት ዝኣቱ ኣይተሳእነን። ኣመንቲ መጻምዲ ካብ ከምዚ ልምዲ ወጺኦም ጥዑይ ናይ ምውሳእ ባህርይ ክጥርዩ ኣለዎም። ኮሚኒኬሽን ኣብ ሓዳር ኣመንቲ ዓቢዩ ተራ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣነ ኢለዮ ኢለ ዝሓስቦን ሰማዕተይ ብዛዕባ ዝበልኩዎ ዝሰምዕዎን እተፋላለየ ኮይኑ ይጸንሓኒ። ኣብ ሓዳር'ውን ከምኡ የጋጥመኒ፣ በቲ ኣነ እተዛረብክዎ በዓልቲ ቤተይ እትትርጉሞን፣ ማለተይ ዝነበረን ንንበይኑ ኰይኑ ይጸሓኒ። ነዚ ፈውሱ ጥዑይ ምውሳእ ምግባር እዩ። ጥዑይ ኮሚኒኬሽን ኣብ ሓዳርና ናይ ዘይምርድዳእ ጋግ የጽብብ። ጌጋና ብምእራም ናብ ይቕረታ ምሕታትን ይቕረታ ምቕባልን የምርሕ።

## 6.1.3 ይቕረታ ምሕታትን ይቕረታ ምቕባልን፦

ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣብ ሓዳር ክዝውተሩ ዘለዎም ይቕረታ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ኣብ ሓዳግነትን ምሕረትን ክርስቶስ እምበር ኣብ ሕያውነት ፍጹምነትን ሰናይ ግብሪ ናይ ሰባትን ኣይኮነትን ተመስሪታ። *"ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ገይሩ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፣ ንኣና ብበደልና ምዉታት እኳ እንተ ነበርና ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም"* (ኤፌ 4፣ 4-5)። ኣምላኽ ንኣና ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልና ሓጢኣትን እቲ ንሕና ብኽብደቱ ዝሃብና ሚዛን ንሃቦ፣ ንሓውና ኣይንሓድግን ኢልና ብይቕረታ ምሕረት ዘይንገብረሉ በደል ሓውናን፣ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ብምሳሌ ቀሪብልና ኣሎ። መንግስተ ሰማያት ምስ ኣግልገልቱ ኪጸባጸብ ዝደለየ ንጉስ ትመስል። ኪጸባጸብ ከሎ ዓሰርተ ሽሕ መኽሊት (ሓደ መኽሊት ሽዱሽተ ሽሕ ዲናር እዩ) ዕዳ ዘለዎ ሰብ ኣምጽኡሉ። እቲ ኣገልጋሊ ዚፈድዮ ምስ ሰኣነ፣ እቲ ንጉስ እቲ ሰብኣይን ሰበይቱን፣ ደቁን ዘለዎ ኩሉን ተሻይጡእቲ ዕዳ ኪኽፈል ኣዘዘ (ማቴ 18፣ 23-5)።

እቲ ኣገልልጋሊ ድማ ተደፊኡ ጐይታይ ተዓገሰኒ ክፈድየካ ኢሉ ለመኖ። ጐይታኡ ደማደንገጸሉ፣ ካብ ማእሰርቱ'ውን ፈትሖ፣ ዝነበሮ ኩሉ ዕዳ ድማ ሓደገሉ። እቲ ኣገልጋሊ ምስ ወጸ ድማ ካብቶም ብጾቱ 100 ዲናር ዕዳ ዘለዎ ሰብኣይ ረኸበ እሞ እቲ ኣባኻ ዘሎ ፍደየኒ ኢሉ ብኽሳዱ ሓነቖ (ማቴ 18፣ 26-28)። እዚ ምሳሌ እዚ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ምስ ኣምላኽን ምስ ብጻይናን ዘሎና ናይ በደል ምጽብጻብ ኣብ ህይወትና ዘምጽኦ መዘዝ ይገልጽ። ርግጽ እዩ ከምቲ ጽሑፍ " ሓጢኣት የብልናን እንተ በልና ንገዛእ ርእስና ንጥብር ኣሎና እታ ሓቂ'ውን ኣባና የላን፣ ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና ኣምላኽ እሙን ጻድቕን ስለ ዝኾነ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና ካብ ኩሉ በደልና'ውን ኬንጽሃና እዩ። ሓጢኣት ኣይገበርናን እንተ በልና ሓሳዊ ንገብሮ፣ ቃሉ'ውን ኣባና የሎን፣ (1 ዮሃ 1፣ 8-10)። እዚ ቃል እዚ ነቲ ምስ መጻምድና ክህልወና ዝግብኦ ናይ ይቕረታ ባህርይን መንፈስን ዝዓበየ መምርሒና እዩ።

ብእተፋላለየ መገዲ ኣብ ሓዳርና ጉድለት፣ ምግጋይ፣ ዘይምስምማዕን ዘይምርድዳእን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ነዚ ከም ዘይባህርያውን ዘይንቡርን ገይርና ክንቅበሎ የብልናን። ከምኡ ገይርና እንተ ተቐቢልናዮ ናይ ይቕረታ ልቢ ክህልወና ኣጸጋሚ ክኾነና እዩ። ነዚ ንምእላይ ናይ ሓባር

ጻዕሪ ከነካይድ እሞ ኣብ ነሓድሕድናን ኣብ ኣምላኽን ተደፊእና ይቕረታ ብምሕታት ፈውሲ ክንረኽበሉ ንጽዓር። እቲ መገዲ እተፋላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። በዚ ይኹን በቲ ኣብቲ ሓቀኛ ፍታሕ ንምብጻሕ፡-

- ነሓድሕድና ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ብቕንዕና ንዘራረብ፣ ንረዳዳእ።
- እቲ ዝበደለ ኣካል ጌጋኡ ይተኣመን
- እቲ ዝበደለ ይቕረታ ይሕተት
- እቲ እተበደለ መጻምዲ'ውን ይቕረታ ይግበር
- ነቲ በድል ከኣ ሓቢርና ናብ ኣምላኽ ብምጽላይን ብምንሳሕን ምሕረት ኣምላኽ ንርከበሉ

እዚ ልማድ እዚ ሓዳርና ከይሕርፍፍን፣ ዘለስልስ መንፈሳዊ ቅብኢ (Lubricant Oil) እዩ። ሕጊ እግዚኣብሄር ኣብ ዝፈረሰሉ፣ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ድፍረትን ምድፍፋርን ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ክንኮሪ እኳ ግቡእ እንተ ኾነ ከም ቃሉ ኣብ ኮራና ጸሓይ ክዓርበና የብሉን። እቲ ሕድገት ዘይገብር ሰብ ከምቲ እልፊ መክሊት ዕዳ ሓጢኣት ብኣምላኽ ተሓዲግሉስ ሜእቲ ዲናር ዕዳ ሓጢኣት ብጸዩ ምሕዳግ ዝኣቢ እዩ። ሳዕቤን ሓጢኣት መጻምድኻ (ዝቐረበት ብጸይትኻ) ዘይምሕዳግ ከኣ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። ስለዚ፡-

- ኣብ ሓዳርና፣ ኩሉ ጊዜ ይቕረታ ንምሕታትን ይቕረታ ንምሃብን ድልዋት ንኹን፣
- ነቲ በደል ብኮራ፣ መዓልካ ሓደርካ ብምኽላእ መመሊስና ኣይነዕምቆ፣
- ነቲ ብይቕረታ ዝደምሰስናዮ በደል ብዝኾነ ኣጋጣሚ መሊስና ኣይነልዕሎ እዚ ናብ ትፋእ ከም ምምላስን ተሓጺብካ ኣብ ጭቃ ምንግርጋርን እዩ፣
- እዚ ናይ መጨረስታኺ ድሕሪ'ዚ ዝብሃል መፈራርሂ ቃላት ፈጺምና ኣይንጠቐም። ኩሉ ጊዜ ድኹማት ምዃንና ኣሚንና ኣምላኽ ካብ ተደጋጋሚ በደልን ፈተናን ክሕልወና ብቓሉን ጸሎትን ናይ ሓባር ጻዕሪ ነካይድ።

## 6.1.4 ምንእኣድ

ሓዳር ዋጋ የኽፍል እዩ። ሰበይቲ በዓል ቤታ ንምሕጓስ ሰብኣይ'ውን ሓዳሩ ከጣጥሕ ንሰበይቱ ክሐጉስ ጻዕሪ የካይድ እዩ (ቆረ 7፣ 33-34)። እታ ትግህቲ ጻዕራም ሰበይቲ ብናይ ገዛኣን ደቃን ምሉእ መዓልቲ ተጸሚዳ እትውዕል፣ ኣተሓሕዛ ገዛን ንጽህናን፣ ኣቀራርባ መግብን ጣዕመን ርእዩ በዓልቲ ቤታ ክንእዳ ንቡር እዩ። እታ ደገኛ ሰበይቲ ብደቃ፣ ብበዓል ቤትን ኣብ ባይቶን ከም እትነኣድ ቃሉ ገሊጹልና ኣሎ፣ "ደቃ እና ኪትንስኡ ብርኽቲ ኢኺ ይብሉዋ፣ ሰብኣያ ድማ ይንእዳ። ብዙሓት ኣንስቲ ጽቡቕ ዝገበራ ኣለዋ። ንስኺ ግን ንኹላተን ትበልጽየን ኢሉ ይንእዳ … ንእግዚኣብሄር እትፈርህ ሰበይቲ ግና ክትነኣድ ይግብኣ፣ ፍረ ጻምኣ ሃብዋ። ኣብ ባይቶ ድማ ኩሉ ኪንእዳ ግብእ እዩ (ምሳ 31 28-31)።

ጾር ሰበይቲ ከቢድ ምዃኑ ኣይንስሕቶን ኢና። ናይ ጥንስን ሕርስን፣ ናይ ምጥባውን ቈልዑ ምዕባይ ጻጋ እተዋህባ ሰበይቲ፣ ኣብ ጐድና ብምዃን ከተባብዓን ጻዕራ ክርድኣላን ነቲ ብትዕግስትን ተጻዋርነትን ዝዛዘሙቶ ተግባር ድማ ብምድናቕ ክንእዳ ኣለዎ። ምንኣድ ነቲ ዝገበርክዮ ዋጋ ክብሪ እህቦ እየ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ከምኡ ዝኣመሰለ ጻዕሪ ተሓጉሳ ከተከናውን ዝሕግዛ ትብዓትን ድርኺትን ዘሕድረላ መፋጠኒ ሓይሊ እዩ። ሰበይቲ'ውን ከምኡ ነቲ በዓል ቤታ ንእኣ ክሐጉስ፣ ፍቕሪ ደሪኽዎ ንበዓልቲ ቤቱ ኬኽብር ዘርእዮ ጻዕርን ተባላሓትነትን ክትርድኣሉ፣ ክትንእዶ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ብዘይካ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣርባዕተ ነጥብታት ኣብ ሓዳር ክዝውተሩ ዝግብኦም ግድን ብጥቕስን ብጽሑፍን ክነቕርቦም ዘይብልና ብዙሓት ነጥብታት ኣለዉ። ውሕልነት፣ ትሕትና፣ ንጽህና ኣካላትን ሰብነትን፣ ነፍስካ ምልዓል፣ ቀሊል ናብራ ክትነብር ምፍታን ንሰበይቲ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ሰብኣይውን ኣብ ኩሉ መዳይ ናይ ናብራ ምስ ሰበይቱ ተሓባብሪ ብምዃን ንሰብይቱ ቀጻሊ ሓልዮት የርእያ። ብኩሉ ጽፉፍ ደቁን ቤቱን ኩሉ ጊዜ ዝከታተል ዝኣሊን ዘመሓድርን ይኹን። ኣሉታዊ ነቐፌታን ምጕርምራምን ኣወጊዱ ብዝከኣል መጠን መመስገኒ፣ ብሰበይቱ ዕጉብ፣ ኣብ ሓዳሩ ጻዕራምን ትግሃትን ዘዘውትር ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ጊዜ ቍጥዓ ብዝከኣል መጠን ልኡም ምላሽ (ምሳ 15፣ 1) ነዘውትር። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ዘረባና ኩሉ ጊዜ ንምህናጽ ዚጠቕም ብጨው እተቓመመ ዘረባ ብጸጋ ይኹን (ኤፌ 4፣ 29-30 5፡3-4)።

# 7. ሓላፍነት ስድራ ቤት

እግዚኣብሄር ናይ ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኣብ ምድሪ ንዘለዉ ፍጥረቱን ኣብ ሰማይ ንዘለዉ መላእኽትን ሓለፍቲ ገይርሎም እዩ። ከምቲ ንቤተ ክርስቲያን ርእሳ ክርስቶስ ዝኾነ ናይ ስድራ ኣማሓዳሪ ንሰብይቲ'ውን ርእሳ ሰብኣይ ምዃኑ ቃሉ ብንጹር ገሊጹልና እዩ (ኤፌ 5፣ 23። 1ጢሞ 2፣ 12)። ሓላፍነት ሰብኣይ ኣብ ስድራ ይኹን በዓልቲ ቤቱ ከምቲ ናይ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያኑ ዝገብሮ ናይ ፍቕሪ ተበጃውነትን ቅድስናን ክርኢ እዩ። ሓላፍነት ሰብኣይ ኣብ ሓዳሩ ዕብለላን መስፍናውነትን ኣይኮነን።

ሰብኣይ ናይታ ብንእሽቶ ቤተ ክርስቲያን እትምሰል ሓዳር ኣመንቲ ካህን እዩ። ብዀሉ ምርዛን እዙዛት ውሉድ ዘለውዎ ክኸውን (1 ጢሞ 3፣ 4) ከምቲ ስጋዊ መግቢ ከምኡውን መንፈሳዊ መግቢ ንስድራ ቤቱ በብዕለቱ ክሰርዓሎም ግዴታ ኣለዎ (ማቴ 24፣ 6-47)። ብሓጺሩ ሰብኣይ ከም መንፈሳዊ ሓላፊ ስድራ ኣብ ርእሲ ምድራዊ ሓላፍነትን መጋብነትን ብዀሉ ዓቕሙ፦

- ከም ኖህ ንምድሓን ቤቱ ኣብ መንግስተ ሰማይ እተዕርፍ ናይ እምነት መርከብ ክሰርሕ ምስ ኣምላኹ ጥቡቕ ርክብ ይመስርት። እቲ ሓላው እሱራት ዝሓተቶ ሕቶን ዝረኸቦ መልስን ነታ ቤት ዓቢዪ ምድሓን ኣምጽኣላ፣። ጸሎትን ምጽዋትን ቆርኔሌዎስ ካብ ስድራኡ ሓሊፉ ናብ መቕርቡን ፈተውቱን ኣፍ ደገ ወንጌልን ምድሓንን ከፈተሎም። ሕሉፍ ፍቕሪ ክርስቶስን ኣብ ቕድሚ ኣምላኽ ዝወሰዶ ግብራዊ ስጉምትን ንቤት ዘኬዎስ ሰላም ኣምጽኣላ። ከምዚ እዞም እተጠቕሱ ሕሩያት ሰባት ዝወሰድዎ ስጉምቲ ምውሳድ ንቤትና ምድሓንን ሰላምን ዘምጽእ ኵሉ ንምግባርን ምውሳንን ሓላፍነትና ክንስከም ግዴታ ኣለና። ኣብዚ በዓልቲ ቤትና ብቕዕቲ ደጋፊት ብምዃን ብማዕረን ብዝያዳን ክትሳተፍ መሰልን ግዴታን ኣለዋ

- ከምቲ ኣቦና ኢዮብ ንደቁ ብመስዋእትን ብጸሎትን ዘማልድ ዝነበረ፣ ሰብኡት'ውን ከምኡ ንደቆም ኣንጊሆም ብምትሳእ ጸሎት ከዕርግሎምን ኪቕድስዎምን ኬንጽህዎምን ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት ተራ ናይታ ብቕዕቲ ደጋፊት ዝኾነት ኣደ ከም ሃና ኣደ ስሙኤል ክዓዝዝ ይኽእል እዩ። ኣደ ካብ ኣቦ ንላዕሊ ብዝያዳ ምስ ውላዳ ስለ እትራኸብ ጽልዋኣን ተራኣን ኣዝዩ ሓያል እዩ። ኣብቲ ንቆልዓ እታ ኪኸደላ ዝግብኦ መገዲ ምልምማድ ናይ ኣደ ዝዓዘሉ ኵነታት ይበዝሕ። እቲ ሓልፍነትን ተሓታትነትን ምሕደራን እኳ ንሰብኣይ እንተ ኾነ እታ ደገኛ ሰበይቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ስድራኣ ብምትግባር ንሰብኣያ ዘውዲ ዓወት ትደፍኣሉ። ከምቲ ኣብ ጽሑፍ ተጠቒሱ እንረኽቦ ናብ መዓርግ ኤጲስ ቆጶስ ዘብጽሕ ነጥብታት ከም ምቕባል ጋሻ ዝያዳ ተራ ኣለዋ።

## 7.1. ክርስቲያናዊ ስነ ምግባር

ኣብ ሓዳርና ብዀሉ መንፈሳዊ ስነ ምግባር ክንስለም ስነ ጽባቕ ውሽጣዊ ኣካላትና ንሱ ክኸውን ኣለዎ። ክርስትና ክንነብሮ እምበር ከነንብቦን ክንፈልጦን ክንምህረሉን ጥራሕ ኣይኮነን ዝግብኣና። እቲ ዓቢዪ መጠንቀቕታ ነዚ ቃለይ ሰሚዑ ዝገብሮ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። ዝናብ ዘነበ፣ ንፋስ ነፈሰ፣ ውሒዝ ወሓዘ፣ ነታ ቤት ደፍእዋ፣ ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ ኣይወደቐትን። ብኣንጻሩ ድማ ነቲ ቃሉ ሰሚዑ ዘይገብር ቤቱ ኣብ ከውሒ ዘይሰርሐ ዓሻ ሰብኣይ፣ ኣብ ቅድሚ ፈተና ተጻዋርነት ዘይብሉ፣ ኣወዳድቓ ቤቱ ኣዝዩ ዓቢዪ ይኸውን (ማቴ 7፣ 24-26)። ቤት (ሓዳር) ብዙሓት ኣብ ፈተና ዝኣትወሉ ቀንዲ ምኽንያት እምበኣር ንቓሉ ሰሚዕና ከም ቃሉ ምንባር ኣብ እነቋርጸሉ ጊዜ እዩ። ዘይፈሪ ጨንፈር ይቕረጽ፣ ኣብ መጨረሻኡ ናብ ሓዊ ምድርባይ እዩ። ኣዕሚቑ ሱር ዘይሰደደ ዘርኢ ንሃሩር ጸሓይ ዝጻወረሉ ዓቕሚ የብሉን። እቲ ኣብ ጽቡቕ ባእታ ተዘሪኡ፣ ብሰራውሩ ማይን ማዕድናት ምድርን፤ ብኣቀጽልቱ ብርሃን ጸሓይ ዝቕበል ጥራሕ እዩ ፍረ ዝፈሪ። ኣብ ምድረ በዳ ብጀካ እሾኽን ቈጥቋጥን፣ ክዝራእ ይኹን ኪበቝል ዝኽእል ተኽሊ የለን።

ልቢ ኣመንቲ ካብ ኵሉ መንፈሳዊ ተግባራት ምስ ተፈልየ ካብዚ ዝኸፍእ ኪመጽእ ዝኽእል መግደራ የለን። ብስጋዊ መገዲ ተሳኒኻ፣ ብእንጌራ ጥራሕ ክንበር ይከኣል ይኸውን። እዚ ክልተ ጊዜ ሞት እዩ፣ ነቶም ምእንቲ ፍረ ዝሓረስዋ ፍረ ዘይሃበት ግራት ሕጂ ንቕፍትን ጥቓ መርገም ዘላ መውዳእታኣ ምንዳድ እዩ።

እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ርሕብቲ ደገ፣ ገፋሕ መገዲ (ዓለማውነት) ብሓደ ጊዜ ዝል ኢልካ ዘይክትኣትዋ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሓዳርና ይኹን ህይወትና በብቀዅብ ዝተኣታቶ ሕማቕ ምልምማድን ዕርክነትን ነቲ ሰናይና ከይነጥፍኦ፣ ቴርሞሜትር ናይ መንፈሳውነትና ኵሉ ጊዜን ኵሉ ሰዓትን ነዓቕኖ። ሽለልትነትን ዋዛን ኣይነዘውትር። ንሰብነቱ ብቓል ኣምላኽ ወትሩ ዝግስጽን ኵነታት መንፈሳዊ ጥዕናኡ ዝመዝንን ናብ ዶክተሩ ብቕልጡፍ ዝጐይን መንፈሳዊ ብዓል ሓዳር ብጹእ እዩ። ምኽንያቱ ዶክተሩ ናይ ልቡ ትርግታ፣ ናይ ሰብነቱ መቐት ኵሉ ጸገማቱ ፈሊጡ፤ ንኵሉ ዝደልዮ ፈውሲ ሂቡ ክሰዶ እዩ። መንፈሳዊ ህይወቱ ወትሩ ዝፍወስ ኣማኒ ንዕዉት ሓዳር ወትሩ ብቑዕ እዩ። ስለዚ ካብቲ ዓለማዊ ስልማት ወርቂ ብሩርን ዕንቍን ፣ ምሻጦን

ቖናኖን፣ ክቡር ዝዋግኡ ክዳውንትን ዘበን ኣምጽኦ ፋሽንን፣ ዝያዳ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ ህዱእን ለዋህን መንፈስ ስልማትና ንግበሮ። ስለዚ ኣብ ሓዳርና ዕዉታት ኴንና ገጽ ኣምላኽና ክንርእን መንግስቱ ክንወርስን እዞም ዝስዕቡ መንፈሳውያን ግዴታት የሃልዉና።

1. ናይ ስድራ ቤት ናይ ቃል ኣምላኽ ጊዜ

ነቲ ኪሃንጸና ምስ ኲላቶም ቅዱሳን ኬረስትየና ዝከኣሎ ቃሉ (ግብ 20፣ 32) ኲሉ ጊዜ ነንብቦ፣ ነስተንትኖ (መዝ 1፣ 1-3፥ ኢያ 1፣ 9)። ብዘይ እዚ ክነብር ዝፍትን ኣማኒ በዓል ሓዳር ነቲ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ዝወጽእ ኲሉ ቃል ገዲፉ ብእንጌራ ጥራሕ ክነብር ክውዕል፣ ኽሓድር ስለ ዝመረጸ፣ ብምርጫኡ መሰረት ስጋዊ ሰብ እምበር መንፈሳዊ ኣይኾነን። ንዝመጽእ መንፈሳዊ ፈተናታት ክስዕር’ውን ሓይሊ ኣይረክብን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ካልኦት መጻሕፍቲ ትሕዝትኡ ክሳብ እንፈልጦ ጥራሕ እነንብቦ መጽሓፍ ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ ንመንፈሳውያን መንፈሳዊ ሓይልን ጥዕናን ዝህብ መንፈሳዊ መግብን ማይን እዩ። ኣብ ሓዳርናን ናብራናን ዝሃለወ ናይ ስራሕ ክብደት ይሃሉ፣ ዝመጸ ጋሻ ይምጻእ፣ ዘጋጠመ ኵነታት የጋጥም ብዘይ ቃሉ ክንሓድርን ክንውዕልን የብልናን። ስለዚ እንተ ተኻኢሉ ብሓባር እንተ ዘይተኻኢሉ ብግሊ ቃሉ ከይተመገብና ኣይንውዓል።

2. ናይ ጸሎት ጊዜ

ጸሎት ብዙሕ ማሽጠርን ትርጉምን ዘለዎ ንኣምላኽን ኣመንቱን ዘራኽብ ሰማያዊ መንፈሳዊ መስመር እዩ። ጸሎት ሓለዋ እዩ። ጸሎት ወግእ እዩ፣ ጸሎት ምርኮ ምምቓል እዩ፣ ጸሎት ምርኵስን ደገፍ ኣምላኽን እትረኽበሉ ኣፍ ደገ ኣምላኽ እዩ። እስራኤላውያን ዝዓበየ ሕፍረት ውርደትን ስዕረትን የጋጥሞም ካብ ዝነበረ ሓደ ፍቓድ ኣምላኽ ከይሓተቱ ብናይ ገዛእ ርእሶም ስምዒት ኣብ እተጓዕዝሉ ጊዜ ነበረ። ሰራዊት ብዘይ ሓለዋ ዝውዕሉ ወይ ዝሓድረሉ ጊዜ የለን። ሰብ ሓዳርውን ካብ ኲሉ ተንኮልን ውዲትን ጸላኢ ሓዳሮም ብኣምላኽ ኪሕልዉ፣ ካብቲ ደሪኹ ዝመጽእ ጸላኢ ኣብታ እክይቲ መዓልቲ ኲሉ ኣስሊጦም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደውምባል ክኽእሉ፣ ናይ ጸሎት ሓውልቲ ኣብ ቤቶም ክተኽሉ ግድን እዩ። ኣብዚ መስዋእቲ እዚ ኲሉ ጊዜ ናይ ምስጋናን ውዳሴን፣ ልመናን ምምላድን፣ ናይ ምንጻህን ምቕዳስን ደቆምን ገዛእ ርእሶምን ዝነድድ ጕሁር ሓዊ ክቋርጽ የብሉን። ደቆም ኣስኣሰሮም ክስዕቡ እንተ ወሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ሰሙን ናይ ስድራ ቤት ናይ ኣምልኾ ግዜ ክህልዎም ኣለዎ። ናይ ግሊ ጸሎትና ወትሩ ዘየቋርጽ እንተ ተኻኢሉ ከም ዳንኤል ሰለስተ ጊዜ ንመዓልቲ ምስ ኣምላኽና ክንራኸብ ክንደይ ሰናይ እዩ። ናይ ጸሎት ጊዜ ዘይብሉ ኣማኒ፣ መንፈሳዊ ሰብነቱ ስለ ዝምህምን፣ ንኲሎም ጠንቂ ሕማማት ኣዝዩ ተጠቃዒ ይኸውን። ክከላኸሎ ዝኽእል ወግእ፣ ክማቐሎ ዝኽእል ምርኮ፣ ኣሳልጦ ክረኽበሉ ዝኽእል ሓይሊ የብሉን።

3. መንፈሳውያን ደቂ ሳራ

*“ቀደም ድማ እተን ኣምላኽ ዝተስፍኣን ቅዱሳት ኣንስቲ ከምዚ ኢለን እየን እተሰለማ። ንሰብኡተን ይእዘዛ ነበራ። ሳራ ንኣብርሃም ጐይታይ እናበለት ትእዘዞ ነበረት፣ ንስኻትክን’ውን ከምኡ ጽብቕ እንተ ገበርክን ገለ ነገር’ውን እንተ ዘይፈራህክን ደቃ ኢኽን” (1 ጴጥ 3፣ 7)።*

ተስፋኣን ኣብ ኣምላኽ ዝገበራ መንፈሳውያን ኣንስቲ ኣብ ብዙሕ ነገራት ጽልዋኣን ኣዝዩ ሓያል እዩ። መንፈሳዊ ስነ ምግባር ደቀ ኣንስትዮ ካብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ዘረባን ስብከትን ዝበርትዐ ሓይሊ ኣለዎ። እንኳን’ዶ ኣብ ኣመንትን እዙዛትን ነቲ ቃል ኣብ ዘይእዘዙን ዘይኣምኑን’ውን ዓቢዩ ሓይሊን ረብሓን ከም ዘለዎ ቃሉ ገሊጽዎ ኣሎ። መንፈሳውኣትን ምእዙዝን ደቀ ኣንስትዮ ነቶም ዘይእዘዙ ዓቢዩ ረብሓ ከም ዝህቡ፣ ነቶም ዘይኣምኑ ድማ ናብ ኣምላኽ ከም ዝምለሱ ይገብሮም። *“ከምእውን ኣትን ኣንስቲ ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም። ገለ ነቲ ቃል ኣምላኽ ዘይኣምኑ ሰብኡት እንተ ኣለዉ ድማ፣ ከም እተኸብርኦምን ብንጽህና ከም እትነብራን ምስ ረኣዩ ብዘረባ ዘይኮነስ ብህይወት ኣንስቶም ኪምለሱ እዮም”* (1 ጴጥ 3፣ 1-2)። በዚ ምኽንያት ካብ ዝኾነ ይኹን ብስርሓት ርእሲ፣ ወርቂ ምእሳርን ክቡር ክዳውንትን ዝመጽእ ግዳማዊ መልክዕ፣ መንፈሳውያን ኣንስቲ ብሰናይ ግብሪ ኪስለማእዩ ዘለወን።

ደጋዊ መልክዕ ደጋዊ ረብሓ ጥራሕ እዩ ዘለዎ። ውሽጣዊ መልክዕ ግና ነተን ወነንቱ ዘይበርስ እዩ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ኣዝዩ ክቡር እዩ። *“መልክዕክንሲ እቲ ኣብ ልቢ ወዲ ሰብ ዘሎ፣ ለዋህን ህዱእን ዝኾነ መንፈስ ይኹን፣ እዚ መንፈስ እዚ ዘይበርስ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ክቡር እዩ”* (1 ጴጥ 3፣ 4)። እምበኣርከስ ሰብይቲ ኣብ ሓዳራ ልዕሊ ኲሉ ትሕትና፣ ፍቕሪ፣ ቅድስናን እምነትን መልከዓን ጽባቐኣን ኪኸውን ክትጽዕት ኣለዋ። ንገለ ኣሓት ምውላድን ወላድን ካብቲ ናይ ድሕነት ጐድና ዝጐተት እዩ ዝመስለን። ብርግጽ ዋጋ ዘኽፍል እኳ እንተ ኾነ፣ ብዕላማ ጸኒዓ ኣብቲ መንፈሳዊ ነገር ሱር ዝሰደደት

ሰበይቲ ብምውላድ'ውን ትድሕን እያ። *"ሰበይቲ ግና ብእምነትን ብፍቕርን ብቕድስናን ብትሕትናን ጸኒዓ እንተነበረት ወሉድ ብምውላድ ክትድሕን እያ"* (1 ጢሞ 2፣ 15)።

ቃል ኣምላኽ ብዙሕ ጊዜ ንመንፈሳውያን ኣንስቲ *"<u>ሕፉራት</u>፣ <u>ዘይሓምያ</u>፣ <u>ብዓቕን ዚነብራ</u>፣ <u>ብኹሉ'ውን እሙናት</u> ኪኾና ይግባእ"* (1 ጢሞ 3፣ 11) ክብል ኣዚዙ ኣሎ። ካብ ከምዚ ዓይነት መንፈሳውነት ዝወደቐት ሰበይቲ፣ ነቲ ኣብ ሓዳራ ክተሕድሮ ዝሓለት መንፈሳዊ ጽልዋ ከተተግብሮ ሓይሊ የብላን። ኣብ ክርስትና፣ ሰብ ሓዳር ዓበይቲ ኣንስቲ፣ ኣብ ህይወተንን ቤተን ብስነ ምግባር መማህራን ኪኾና ኣለወን። ብድሕሪ'ዚ ብቓላተን'ውን ነተን ኣስኣሰረን ዝስዕባ ንኣሽቱ መሃርትን መለበምትን ኪኾና ግዴታ ኣለዋ። *"ነተን ኣረገውቲ ኣንስቲ'ውን ከምኡ ብቕድስና ዚነብራ፣ ዘይሓምያ፣ ወልፊ መስተ ዘይብለን ሰናይ ዘበለ ዚምህራ ኪኾና መሃረን። ሽዑ ነተን ናኣሽቱ ኣንስቲ ንሰብኡተንን ንውሉደንን ኬፍቅራ፣ ገዛእ ርእሰን ገቲኤን ዚኽእላ ንጹሃት፣ ቤተን ዚኣልያ፣ ሕያዎት፣ ንሰብኡተን ዚእዘዛ ኪኾና ኬለብማአን እየን"* (ቲቶ 2፣ 3-4)።

ዙረት፣ ብዙሕ ምዝራብ፣ ልዕሊ ዓቕሚ ምንባር፣ ሕሜትን ዕላልን ጸረ-ሓዳር ጥራሕ ዘይኮነስ ጸረ-መንፈሳውነት እዩ። መንፈሳውያን ሰብ ሓዳር፣ ካብ ከምዚ ዝበለ ባህርይን ካብ ከምዚኣ ዝኣመሰለት መሓዛን ርእሰን ክገትኣ ኣለወን። እዚ ባህርይ እዚ ኣብ ወሉድ ሃስያ ኣለዎ፣ ኣብ ሰብኡት'ውን ሃስያ ኣለዎ። በዚ ፍቕሪ ኪጐድል፣ እምነት ኪጠፍእ፣ ሓዳር ኪብደል፣ ማሕላን ቅድስናን ቃል ኪዳን ኪፈርስ ስለ ዝኽእል ኣንስቲ ኪእደባ ኣለወን። ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ባህርይ፣ ባህርይ ደቂ ሳራ ኣይኮነን። ሳራ ብምእዛዝ፣ ተስፋኣ ኣብ ኣምላኽ ብምግባር፣ በቲ ለዋህን ህዱእን ዝኾነ ልቦና እያ ተሰሊማእምበር ኣብ ሓዳራን ኣብ በዓል ቤታን ብኣሉታ ዝጥቀስ ግብሪ ኣይነበራን።

## 8 ሚስጢረ ተክሊል

*"ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝኣተኽምዎ ቃል ኪዳን... እግዚኣብሄር ሓደ ኣካልን ሓደ መንፈስንዶ ኣይገበረኩምን እዩ" (ሚል2፣ 14-15)።*

ሚስጢረ ተክሊል ካብቲ መርዓትን መርዓውን ኣብ ግዜ መርዕኦም ኣብ ርእሶም ዝደፍእዎ ኣኽሊል እዩ ስም ተዋሂብዎ። ካልኦት በቲ መርዓት ናብ ኣደነት (ኣደ ናይ ምኧን) ዝበጽሓቶ ደረጃ (the Sacrament of Matrimony) ይጽውዕዎ። ንሕና ድማ ከምቲ ኢሳይያስ ምስቲ ኣብ ምድሪ እቲ ዝዓበየ ዓወትን ሓጐስን ዝርኽቦ ምስጢር ድሕነት፣ በቲ መርዓትን መርዓውን ኣብ ጊዜ መርዕኦም ኣብ ርእሶም ዝደፍእዎ ኣኽሊል ኣመሳሲሉ ዝገለጾ *"ሚስጢረ ተኽሊል" ኢልና ንጽውዖ ኣሎና። "ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍአ መርዓዊ፣ ከምታ ብሰልማት እተሰለመት መርዓት እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፣ ብመርግፍ ጽድቂ'ውን ኣጐልቢቡኒ እዩ"ም ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጐስ ነብሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ"(ኢሳ 61፣ 10)።* እዚ ሚስጢር እዚ ከምቲ ኣብ ላዕሊ *(ሚል2፣ 14-15)* እተጠቕሰ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኣምላኽን ብኣገልጋሊ ኣምላኽ ዝፍጸም ስርዓት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ከም ሚስጢረ ጥምቀት፣ ቍርባንን ካልኦት ሚስጢራትን ርእሱ ዝኸኣለ ኣገባባት ኣለዎ። ንተጻመዲ ሓደ ኣካል ምኧኖም እትእውጅ ቤተ ክርስቲያን እያ። ነፍሲ ወከፎም ብፍታዎም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክፍጽምዎ ብዝኣትውዎ ናይ ቃል ኪዳን ማሕላን፣ ምሕጽንታን ትእዛዝን፣ ቤተ ክርስቲያን ሓደ ኣካል ዝገብሮም ስርዓተ ተክሊል ትፍጽመሎም።

እዚ ስርዓት እዚ ብዘይካ እቲ ንእኡ ንምስናይ ዝግበር ናይ ስርዓተ ቅዳሴን መእትውን ካልኦት ጸሎታትን ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልታት ኣለዎ። 1. እቲ ንቓል ኪዳኖም ምልክት ዝኾነ ናይ ቀለቤት ክፋል፣ 2. ናይ ዘይቲ (ሜሮን) ቅብኣት ክፋል፣ 3. ናይ ኣልባሳት ምልባስ ክፋልን 4. ናይ ኣኽሊላት ክፋላትን እዮም። እዞም ኣርባዕተ ኣገባባት ስርዓት ቃል ኪዳን ነቲ ሓደ ኣካል ናብ ምኧን ዘብጽሑና ስርዓት ኣምላኽ እዮም። ብድሕሪ'ዚ ንዝመጽእ እንተታት ኣምላኽ ምስክር ከም ዝኾነ ይገልጹልና። "..እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ብጸይትኻን ብዓልቲ ቃል ኪዳንካን ....ሰበይቲ ንእስነትካ ምስክር ስለ ዝኾነ እዩ" (ሚል 2፣ 14)። እቲ ዝዓበየ ነጥቢ ነቲ ኣብ እዞም ክፋላት ናይ ቃል ኪዳን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንመጻምዲና ክንገብሮን ክንኾኖን ዝተቐበልናዮ ትእዛዝን፣ ዝመሓልናዮ ማሕላን ወትሩ ክንዝክሮን ክንፍጽሞን ከሎና እዩ። ኣማኒ ናይ ብሓቂ ኣማኒ ዝበሃልን ካብ ኣምላኽ በረኸት ዝረክብን ንዝመሓሎን እተኣዘዞን ምስ ዝፍጽም ጥራሕ እዩ። ካህን ኣምላኽ ቅድሚ ናይ ቀለቤት ኣገባብ ካህን ንመጻምዲ መውስቦኦም ብፍቓዶም ነ ሓድሕዶም ይፍጽምዎ ከምዘለዉ ዝሓቶም ሕቶን ዝህቦም ትእዛዝን ማሕላን ኣሎ።

- ንመርዓዊ፦ ኣታ ወደይ ነዛ ሰበይቲ እዚኣ ሰበይትኻ ረዳኢትካ ክትኮነካ ምሳኻ ክትነብር ብቕድስቲ ሕጊ ቃል ኪዳን ክትቕበላዶ ትፈቅድ ኢኻ። ኣብ ጊዜ ድኻማዶ ተጽንዓ ኢኻ? ኣብ ድኻማዶ

ተጽንዓ ኢኻ? ኣብ እዋን ሓዘናኽ ብተግባርካ'ዶ ተሐጕሳ ኢኻ? ኣብ ምሉእ ዘበን ህይወትካ'ኸ ትስዕባ ዲኻ?

- ንመርዓት'ውን ከምኡ ዓይነት ሕቶ ይቐርበላ እዩ። እዚ ክልቲኦም መጻምዲ ነቲ ብግሎምን ብፍታዎምን እተሰማምዕዎ፣ ኣብቅድሚኣምላኽ፣ ኣገልጋሊኡ ካህንን ህዝቡን ቃል ይኣትዉ።
- ድሕሪ እዚ ስምምዕ እዚ መጻምዲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሓድሕዶም በዚ ዝስዕብ ቃል ይቀባበሉ። መርዓዊ ንመርዓቱ ካህን እናመርሖ ከምዚ ይብላ፦
  "ኣነ (እገሌ) ምሉእ ስሙብምጥቃስ (ንመርዓቱ ድማ መሉእ ስማ ብምጥቃስ )" ... ሰበይተይ ብዓልቲ ቃል ኪዳነይ ክትኮንኒ ምሳይ ክትነብሪ ተቐቢለኪ ኣለኹ። ኣነ ከኣ ብምሉእ ልበይ ንኣኺ እፈቱ፣ ብዅሉ ክእለተይ ፍቓድኪ ክፍጽም እየ። ብሰናይ ዘመን ኮነ ብኽፉእ ዘመን ኣብ እዋን ሃብቲ ኮነ ኣብ እዋን ድኽነት ወይ ኣብ ጊዜ ጥዕና ኾነ ኣብ ጊዚ ሕማም ካባኺ ኣይፍለን እየ። ስለዚ ከምቲ ትእዛዝ ጐይታና ክሳብ መዋእል ህይወተይ ምሳኺ ኪዳነይ ክጽንዕ እምሕል ኣለኹ" መርዓት'ውን ከምቲ መርዓዊኣ ዝኣተዎ ቃል ኪዳና ብተመሳሳሊ ቃላት ብማሕላ ትፍጽም።

ነዚ ቃል እዚ ኣቐዲምካ ፈሊጥካ፣ ማለትካ ኮይኑ ክትብሎ እዩ ዝግባእ። ግናኸ ነፍሲ ወከፍ መጻምዲ ነቲ ብማሕላ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳን ክትግብሮ ከሎ ጥራሕ እዩ ካብ ተሓታትነት ናጻ ዝኸውን። ስለ ዘይተፋታሕና ጥራሕ ቃል ኪዳንና ኣጽኒዕና ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ከምቲ ኣብ ቅድሚኣምላኽ ነፍሲ ወከፍ መጻምዲ ክንኮኖን፣ ክንገብሮን ዝመሓልናዮ ክንነብር ኣሎና። ቀለቤት ከም እተመርዓና ኣብ ኢድና ንመልክዕ ዝግበር ምልክት ጥራሕ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ቃል ኪዳን ክንግብሮ ብማሕላ ዝኣተናዮ ቃላት መግለጺ ምልክት እዩ። እዚ ነቲ ደቂ እስራኤል ሕጊ ኣምላኾም ከይርስዑ ኣብ ዘፈር ክዳኖም ዝኣስርዎ ዝነበሩ ሰማያዊ ሃሪ ዝመሳሰል እዩ (ዘሁ 15፡37-41 ) ድሕሪ'ዚ ቀለቤት ናይ ምውህሃብ ኣገባብ ይመጽእ። ነቲ ምልክት ቃል ኪዳን ዝኾነ ቀለቤት ንኻህን ምስ ተረከበ እቲ ካህን ብዛዕባ እተን ቀለባብቲ፣ ናብ ኣምላኽ ጸሎት የቕርብ። ብመስቀሉ ነተን ቀለባብቲ ይባርኸን። ድሕሪ'ዚ መጻምዲ ነሓድሕዶም "ንመርዕኦም ምልክት ኪኸውን ቀለባብቲ ከም እተዋሃሃቡ፣ ካብ ጊዜ መርዕኦም ኵሉ ዘጥረይዎ ሃብቲ ከማቐሉ ምዃኖምን ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምስክሮም ምዃኖም ይገልጹ። ካህን ነቲ ዝኣተውዎ ማሕላ ክፍጽሙኣምላኽ ሓይሊ ክህቦም ናይ ምሕጽንታ ጸሎት ይገብረሎም።

እቲ ኣብ ስርዓተ ተክሊል ዘሎ ኵሉ ኣግባባት ኣብ መጽሓፍ ተኽሊል ተጻሒፉ ስለ ዘሎ መጻምዲ ኣቐዲሞም ክንብብዎን፣ ነቲ ኣብኡ ተጻሒፉ ዘሎ ፈሊጦም ብርድኢት ማለቶም ኮይኑ ክብሎዎ ኣለዎም። እንተ ኾነ ክሕለፉ ዘይብሎም ነጥብታት፦

1. ጸሎትን ምልባስ ኣልባሳትን

   ቤተ ክርስቲያን ንእመናት ደቃ ኣብ ጊዜ መርዕኦም ልብሲ ካህናት ተልብሶም። እዚ ልብሲ እዚ ብዘይካ ውሉደ ክህነት ካልእ ክለብሶ ኣይፍቀድን እዩ። ልብሲ ምስ ምሕረት፣ ጽድቂ ዝተሓሓዝ እዩ። ጥራሕካ ምውጻእ፣ ረሳሕ ክዳውንቲ ምኽዳን ድማ ካብ ጽድቅን ፍቓድ ኣማላኽ ምውጻእን የመልክት። ቤተ ክርስቲያን ነቶም ካብ ርኽሰት ዝሙት ወጺኦም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ቃል ኪድኖም ዝፍጽሙተጻመድቲ ደቃ ብሰማያዊ ልብሲ ዝምሰል ምልባሳ ክልተ መልእኽቲ ኣለዎ። እቲ ሓደ ክሳብ ጊዜ መርዕኦም ብኵሉ መንፈሳውንት፣ ብንጽህናን ብድንግልናን ንዝጸንሑ ክብሪ መውሰቦኦም ኣብ ቅድሚኣምላኽን ቤተ ክርስቲያኑን ዓቢዪ ምዃኑ ምስክር እዩ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ድማ ንቓል ኪዳኖም ከምቲ ጽሑፍ ዝእዝዞ፣ ንሓድሕዶም ብምክብባርን ብምፍቓርን ነቲ ኣብ ቅድሚኣምላኽ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳን ምስ ዝሕልዉ፣ ኣምላኽ ብደም እቲ ገንሸል ዝጸረየ ጻዕዳ ክዳውንቲ፣ ልብሲ ምድሓን ኣብ ሰማያት ከም ዘልብሶም ምልክት እዩ።

2. ኣብ ርእሲ ዝድፋእ ኣኽሊል'ውን ከምቲ ናይ ልብሲ ድርብ መልእኽቲ ኣለዎ። ኣብ ስርዓት ኣምላኽ ጸኒዖም ክሳብ ጊዜ መርዕኦም ብትዕግስቲ ዘሕለፍዎ ኣኽሊል ይግብኦ እዩ። ብዝያዳ ድማ ድሕሪ ቃል ኪዳኖም ከም ፍቓዱ ኣብ ሓዳሮም ንዝነበሩ ዝወሃብ ኣኽሊል ዓወት የመልክት።

3. ሓዳር (ስርዓት ሰብኣይን ሰበይትን )ከምቲ ጐይታ ዝገለጾ ሃዋርያት ድማ ስርዓት ሰብኣይን ሰበይትን ከምዚ እንተ ኾይኑስ ጭንቂ እዩ ዘይምትእትታው ይሓይሽ ዝበልዎ፣ ብትሪ ልቢ ንዝምራሕ ህይወት ኣዝዩ ጭንቂ እዩ። ነቲ ኣብ ምንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ክህሉ ዝግባእ ምትእስሳር ከምቲ ናይ ክርስቶስን ቤተ ክርስቲያኑን ኪኸውን ከም ዘለዎ ቃሉ ብግልጺ ገሊጹልና ኣሎ። ነዚ ናብራ እዚ ከምቲ ነቢያትን ነገስታትን ካህናትን ንተልእኮኦም ከም ፍቓዱ ከሰላስሉ መንፈስ ኣምላኽ ክወሃቦም ዝቐብኡ ዝነበሩ ሓዳር ውን ፍሉይ ቅብኣት የድልዮ እዩ። ስለዚ ድማ ቤተ ክርስቲያን ንመጻምዲ ደቃ፣ ትቐብኦም። በዚ ቅብኣት እዚ ነፍሲ ወከፍ መጻምዲ ኣብ ግንባር፣ ኣብ ልሳንን ኣብ ኣእዳውን ይቕብኡ። እዚ ከኣ ኵሉ ጊዜ ብዛዕባ ነሓድሕዶም ከም ቃሉ ሰናይ ጥራሕ ክሓስቡ፣ ክዛረቡን ካብ ነሓድሕዶም ሓሊፎም ካልእ ዘረምስስዎ ከይህሉ ኣምላኽ ሓይሊ መንፈሱ ክህቦም፣ ንሳቶም'ውን

ቅብኣቶም ምእንቲ ክሕልዉእዩ። መጻምዲ ንነፍሲ ወከፍ ጸሎት ብጽሞና ክስተብህልሉን፣ ኣሜን ኢሎም ብእምነት ክቕበሉዎን ኣለዎም። ጊዜ መርዓ ባህሊ ዝዕብልሎዋዕዋዕታ ዝበዝሖ እኳ እንተ ኾነ ፍሉይ በረኸትን ቅብኣትን ዘለዎ መዓልቲ እዩ'ሞ ኣመንቲ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክሕልፍዋ ግዴታ ኣለዎም።

እቲ ነዚ ምስጢር'ዚ እዚ ዘብጽሕ ኣበ ነብሲ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ተኽሊል ዘሎ ትእዛዝ፣ ምሕጽንታን ጸሎትን ብጥቃቕ ክብጽሕ መንፈሳዊ ግዴታ ኣለዎ። ስርዓተ ተኽሊል ብዛዕባ ቃል ኪዳን ሓንቲ ነገር ክይመሃርካ ዝፍጸም ስርዓት ኣይኮነን። ደቂ ቤተ ክርስቲያን ብዛዕባ ቃል ኪዳን መሰረታዊ ኣፍልጦ ስለ ዘይብሎም ንቤተ ክርስቲያን ክሳብ ከም ናይ ንግሆ መናፈሻ ገይሮም ይርእይዋ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምህላዎም ዘይፈልጡ ካብቲ ካህን ዝብሎ ዝያዳ ኣብ ስእልን ቪድዮን ዝያዳ ይግደሱ። ነቲ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳን ብርድኢት ማለቶም ኮይኑ ስለ ዘይብሉዎ፣ ፍትሕ ገኒኑ ንርእዮ ኣሎና።

ከም ስርዓት ቤተ ክርስቲያን ሕጋዊ ቃል ኪዳን ዝፍጸመሎም፣ እቶም ብሓጠኣት ዝመት ዘይተመራስሑ (እብ 13፣ 4) ጥራሕ እዮም። ሎሚ ንዝርአ ዘሎ ጉድን ክይተነሳሕካ ኣብ ቃል ኪዳን ምእታውን ተሓታቲኡ መን ኩን ይኸውን ?።

## 9. ድሕሪ ቃል ኪዳን ፍትሕ ከምዘይግባእ

እቲ ዝመረረን ዝኸፍኣን ኣብ ቃል ኪዳን ዝፍጸም ዓመጽ ፍትሕ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፈሪሳውያን ሰብኣይሲ ነታ ሰበይቱ ብዝኾነ ምኽንያት ኪፈትሓ'ዶ ተፈቒድሉ እዩ ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ነቲ ጥንታዊ ስራሕ ኣምላኽ፣ ማለት "'ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይሕደግ፣ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይጠብቕ፣ ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ" ከም ዝበለ'ዶ ኣየንበብኩምን ኢኹም"(ዘፍ 2 ማቴ 19፣ 5) ምስ በለ 'ደጊም ሓደ ስጋ እዮም እምበር ክልተስ ኣይኮኑን፣ ነቲ ኣምላኽ ዘጋጠሞስ ሰብ ኣይፍለዮ" (ማቴ 19፣ 6) ክብል ፍትሕ ፈጺሙ ከም ዘይፍቀድ ገለጸሎም። ናይ ሓድሽ ኪዳን ተኸተልቲ ክርስቶስ ካብ ኮንና ነቲ ኣማላኽ ሓደ ዝገብሮ፣ ንምሉእ ህይወትና ሓደ ኴንና ክንሓልፎ እምበር ብፍትሕ ነቲ ስርዓት ኣምላኽ ክነፍርሶን ክንነጻጽሎን ኣይተጸዋዕናን።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ግና ከምቲ ኣብ ዘበን መሴ ብሰሪ ትሪ ልቢ ጽሒፈት መፍትሒ ምኽንያት ሂብካ ምስንባት ዘይኮነስ ሳዕቤን ፍትሕ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ከምዚ ክብል የጠንቅቐና። "ኣነ ግና ንሰበይቱ ብዘይ ምኽንያት ዝመት ዝፈትሓ፣ ካልእ'ውን ዜእቱ ይዝሙ። እቲ ፍትሕቲ ዜእቱ ይዝሙ"(ማቴ 19፣ 9)። "እታ ሰብኣያ ፈቲሓ ንኻልእ እተኣትወት ድማ ዘመወት" (ማር 10፣ 12) እብለኩም ኣለኹ። ስለዚ ከኣ እዮም ቅዱሳን ኣቦታት "እታ ሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ኣይትፈታሕ፣ እንተ ተፈትሓት ከኣ በኪ ትንበር፣ ወይስ ምስ ሰብኣያ ትተዓረቕ። ሰብኣይውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ ኢለ እእዝዝ ኣሎኹ (1 ቆሮ 7 ፣ 10-11) ዝበሉ። ስለዚ መጻምዲ መጻምዶም ከሳብ ብህይወት ዘሎ ብሕጊ ቃል ኪዳን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጻምዶም እሱራት እዮም። መጻምዲ ብህይወት ከሎ ንካልእ መጻምዲ እንተ ተወሰቡ ግና ዘመውቲ እዮም (ሮሜ7፣ 2-3)።

እስራኤላውያን ሓደ ግዜ እግዚኣብሄር ንመስዋእቶም ኣብ ዘይተቐበሎ ጊዜ ብንብዓትን፣ ብብኽያትን ዋይዋይታን ስለምንታይ ንመስዋእትና ኣይጠመቶን፣ ካብ ኢድና'ውን ባህ ኢልዎ ኣይተቐበሎን ክብሉ ሓተቱ (ሚል 2፣ 13-14)። እቲ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ መልሲ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፦

1. ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝኣተውዎ ቃል ኪዳን ብምፍራሶም። ምኽንያቱ በዚ ቃል ኪዳን እዚ እግዚኣብሄር ሓደ ኣካልን ሓደ መንፈስን ገይርዎም ነበረ። ንሳቶም ግና ነቲ ኣምላኽ ብስርዓቱ ዘጋጥሞ፣ ብምፍታሕ ስለ ዝፈላለይዎ።
2. ነቲ ኣምላኽ ዝጸልኦ ምፍታሕ ንሳቶም ግና ፈትዮም ፈጺምዎ። ኣምላኽ ድማ "ምፍታሕ እጸልኦ እየ። እወ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ኪዳኑ ከምዚ ዝበለ ዓመጽ ንዜምጽእ ሰብ እጸልኦ እየ" (ሚል 2፣ 16)።
3. ስለዚ ንበዓልቲ ቃል ኪዳንኩም ከይትጠልምዋ ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ።

እወ ብርግጽ እንኳንዶ ኣምላኽ ዝጸልኦ ፍትሕ ፈጺምካ ንበዓልቲ ቤትካ ኣኸሪኻ'ውን ጸሎትካ ከም ዝዕገት ገሊጹልና እዩ። መጻምድኻ ዋላ'ኳ ድኽምቲ ፍጥረት እንተ ኾነት ኣምላኽ ግና እታ መዋርስትኻ ንጸጋ ህይወት ዝገበራ ፈቲሕካ ኣበይ እዩ ክእቶ። ስለዚ ሓው ሓብቲ ካብ ፍትሕ ክንሕሎ፣ መንፈስና ክንሕሉ ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝኣተናዮ ቃል ኪዳን ወትሩ ንዘክር። ፍትሕ ብሓደ መዓልቲ ዱብ ኢሉ ዘይክወርድና ይኽእል እዩ።

# 10. ድሕሪ መርዓ ከጋጥሙዝኽእሉ

## 10.1 ምድንጓይ ወይ ዘይምውላድ ምስ ዘጋጥም

ምስ ተመርዓኻ ብእተፋላለየ ምኽንያታት ብኡንብኡ ወላድ ዘይከወሃበካ ይኽእል እዩ። ምስ ተመርዓዉ ወላድ ከይወለዱ ንነዊሕ ጊዜ ዝጸንሑ ኣለዉ። ኣብ ብሉይ ኪዳንውን ብተመሳሳሊ ሳራ ክሳብ ዕድሜኣ ተስዓ ዓመት ዝበጽሕ (ዘፍ 17፣ 17)፣ ርብቃ ድሕሪ መርዓኣ ክሳብ ዕስራ ዓመት (ዘፍ 25፣ 20-21,26) ወላድ ኣይተዋህበንን። ራሄልውን ከምኡ ክሳብ ኣምላኽ ዝዝክራ ንነዊሕ ጊዜ ወላድ ኣይተዋህባን ነበረ ዘፍ 30፣ 22)። ከምኡውን ሃና ኣደ ሳሙኤልን (1 ሳሙ1፣ 15-6)፣ ኤልሳበጥን (ሉቃ 1፣ 7)። እዘን ኣዴታት እዚኣተን መብዝሕትኡን ናብ ተስፋ ምቑራጽ ስለ ዝበጽሓ፣ ገሊኣተን ግጉይ ስጉምቲ ማለት ንኣግራደን ኣሕሊፈን ንሰብኡተን ክሳብ ዝህባ እቲ ምረት ዓቢዩ ነበረ (ዘፍ 30፣ 1-21)።

ራሄል ንያእቆብ፣ "ወላድ ሃበኒ እንተ ዘይኾነ እመውት ኣለኹ" (ዘፍ 30፣ 1) በለቶ። ምስ ልያ ሓብታ ድማ ብዙሕ ህልኽ ነበራ። ሃና ብፍናና ብዙሕ ምረት በጽሓ (1 ሳሙ1፣ 6)። ብዓል ቤታ ህልቃና ከደዓዕሳ እኳ እንተ ፈተነ (1ሳሙ 1፣ 8) ኣይከኣለን። ኣብ ቤት ኣምላኽ ከይዳ፣ ምረታን ጸሎታን ኣፍሰሰት፣ ንኣምላኽውን መብጽዓ ኣተወት (1 ሳሙ1፣ 10-11) እዚ ናይ እምነት ጸሎት እዚ ክሳብ ብድሕሪኡ ሕዝንቲ ኮይና ዘይተራእየት ዓብዪ ምድዕዓስ ረኸበት ። እቲ ዝጨንቆ ዘይብሉ ኣምላኽ ድማ፣ ኣብ ቅድሚኡ ብጽድቂ ዝቐወም፣ ንኣምላኽ ብኣገልግሎቱ ዘስመረ ዓቢዩ፣ ካህንን ነቢዩን መራሕን ዝኾነ ወሉድ ሃባ (1 ሳሙ 2፣ 18፤ 3 ፣ 19-20)። ነተን ኵለን ድሕሪ መርዕኣን ቀልጢፈን ዘይወለዳ፣ ኣዴታት፣ ኣምላኽ ብናቱ ፍሉይ መደብ ኣብ ገግዜኡ ወሉድ ብምሃብ በጽሐን። ንገሌኣን ክሳብ መዓልትታተን ዝሓልፍ፣ ሰብኡተን'ውን ክሳብ ዝኣርጉ ናይ ወላድ ነገር ኣብቂዑ ኣብ ዝተባህለሉ ኣምላኽ በጽሐን።

ሳራ፣ ኣምላኽ ባዕሉ፣ ንኣብርሃም ተስፋ ክህቦ ከሎ፣ ኣብ ድንኳና ኰይና ትሰምዕ ስለ ዝነበረት፣ ብልባ ሰሓቐት (ዘፍ 18፣ 11-12) ። ዘካርያስውን ከምኡ ሰብነቱን ሰብነት በዓልቲ ቤቱን መዚኑ ኣሜን ኢሉ ኣይተቐበለን (ሉቃ 1፣ 18)። ስለምንታይ ከምዚ ኾነ? እቶን ብህይወት ከለዋ ንኣምላኽ ዘስመራ፣ ፍሉያት ናይ ኣምላኽ ኣንስቲ ንምታይ ከምዚ በጽሐን። ስለምታይ'ከ ኣምላኽ ነተን ኣግራድ ከም እኒ ኣጋር፣ ግዙኣት ራሄልን ልያን ምስ ሰብኡት እመበታተን ምስ ተራኸባ ብኡንብኡ ወላድ ሃበን። ነተን ኣሚናት ከም በዓል ሳራ፣ ርብቃ፣ ራሄል ወዘተ ግና ንነዊሕ ጊዜ መኻናት ገበረን ወይ ደንጒዩ ማሕጸነን ከፈተለን። እቲ ማሽጠር ነቲ በይኑ ኣምላኽ ጥራሕ ዝፈልጦ ንሓድጎ። ኣምላኽ ብትዕግስቲ ኣብ ፍቓዱ ንዝጽበይዎ ፍሉይ በረኸት ከም ዘዳልወሎም፣ ርግጸኛታት ኢና። ብወላድ ክኸውን ይኽእል ካብ ወላድ ብዝበልጽ ካልእውን ኸኸውን ይኽእል።

ማሕጸን ምኽፋት ናይ ኣምላኽ እዩ፣ ማሕጸን ምዕጻው'ውን ናይ ኣምላኽ እዩ (1 ሳሙ2 5)። ከምቲ ንጉስ ሰሎሞን፣ "ንኹሉ ገጊዜኡ ኣለዎ፣ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኵሉ ገግዚኡ ኣለዎ፣ ንምውላድ ጊዜ ኣለዎ፣ ንምትካል ጊዜ ኣለዎ፣ (መክ 3 1-2) ዝበሎ ናይ ምውላድ ጊዜን ዓመታትን ዝሰርዐውን ንሱ እዩ። ነዚ ስርዓታት እዚ ሓጋጊኡ ንሱ ምዃኑ ከርኢ ከኣ ልዕሊ ሕጊ ተፈጥሮ፣ ንወሱናት ኣዴታት፣ ኣብ እርጋነን ወሉድ ክህበን ክኢሉ። ኵለን ኣዴታት ከም ኣዴና ቅድስቲ ድንግል፣ ብዘይ ዘርኢ ክወልዳ ኣይጽበያን እየን። ከምኡ'ውን ኰላትና፣ ካብቲ ገደብ ናይ ምውላድ ጊዜ ሓሊፍና ከም ሳራን ኤልሳቤጥን ኣብ እርጋንና ክንወልድ ኢልና ክንጽበ ኣይንኽእልን ኢና። ሎሚደቀ ኣንስትዮ ኣብ መጨረሻ ናይ ሰላሳታት ዝምርዓዋሉ፣ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ኣብ ኣርባዓታትን ሓምሳታን ዝምርዓውሉ ጊዜ ኢና እንርኢ ዘሎና። ቃል ኣምላኽ ንኽምዚ ዓይነት መርዓኳ ዘይቃወም እንተኾነ (1ቆረ 7፣ 28) ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምውላድ ጸገም ከምጽእ ይኽእል እዩ። ኣምላኽ ሎሚ'ውን ከም ቀደሙ፣ ንእመናቱ ጊዜ ምውላድ ከደንጉ ከሎ፣ ብጸሎት ብልማኖ ከምኡውን ብመጽዓ ክንልምኖ እሞ ፍቓዱ እንተ ኾይኑ ማሕጸን ከፊቱ፣ ብውሉድ ክባርኽ ይኽእል እዩ። እንተኾነ እቲ ካብ ወሱን ዕድመ ንላዕሊ ወላድ ክትወልድ ዘይምኽኣልውን ስርዓት ኣምላኽ ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጊዜ እርጋን ምውላድ ንፍሉይ ዕላማ ኣብ ፍሉያት ሰባት ጥራሕ እዩ ፈጺምዎ።

ድሕሪ መርዓ ምውላድ ዝደንጐየት ሰበይቲ፣ እቲ ምኽንያት ክእለ ዝኽእል ናይ ሓዲኡ መጻምዲ ጸገም ክኸውን ስለ ዝኽእል ሕክምናዊ መርመራ ምክያድ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ፣ ብመሰረት ምኽርን ደገፍን በዓል መያ፣ ኣብ ምውላድ ክብጸሕ ይከኣል ምዃኑ ንመብዝሕትና ንጹር እዩ። ሰብ ሞያ ማለት ሓኻይምነቲ ናይ ስነ ህይወት ኣሰራርሓ ካባና ንላዕሊ ስለ እተማህርዎ፣ ዝበለጸ ደገፍን ምኽርን ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ናይ ደም ዘይምስምማዕ፣ ናይ ዘርኢ ዘይምቅብባል፣ ጸገም ማሕጸንን ናይ ዕድመ ኵነታት ንዝፈጠሮ ጸገምን ዝሓሸ ምኽሪ ክህቡና ተኽእሎ ኣለዎም። ኵሉ ኵነታትና ጽቡቕን ንምውላድ ምቹእ፣ እንከሎውን

ምውላድ ዘይከኣለሉ ኵነት ኣሎ። ወይውን ዘርእኺ/ዘርእኻ ድኹም ኣሎ ዝተባህሉ ዝወለዱ ከምዘለዉ ክንርስዕ የብልናን። ናይ ሕክምና ደገፍን ምኽርን ኣዝዩ ኣገዳሲ እኳ እንተ ኾነ ከም ኣመንቲ ብእምነት ብጸሎትን ልማኖን ክንገብሮ ንዘሎና ካብ ምግባር ድሕር ክንብል የብልናን።

## 10.2 ምውላድ ምስ ዘይርከብ

“እንሆ ውሉድ ውህበት እግዚኣብሄር እዮም” (መዝ 127፣ 3)። ከምቲ ኣምላኽ ኣብ ቤተ ክርስቲያኑ እተፋላለየ ህያባት፣ -ናይ ምፍዋስ ውህበት፣ ትንቢት፣ ተኣምራት፣ ምልላይ መናፍስቲ፣ ምዝራብ ቋንቋታት ወዘተ. ንእተፋላለዩ ኣመንቲ ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ዝወሃብ (1 ቆረ 12፣ 4-11) ኵሎም ኣመንቲ ከኣ ብማዕረ ነቶም ህያባት ዘይውንኑ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ሓዳር ዘለዉ ኣመንቲ ኣምላኽ ብእተፋላለየ ጸጋታት ክባርኾም ይኽእል እዩ። ዘይምውላድ፣ ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብመርገም ብሕስራን ዝጥመት ዝነበረ፣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብኸምኡ ክንጥምቶ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ኵሉ መርገም ኣብ መስቀል ደምሲስዎ እዩ (ገላ 3: 13-14) ። እንተኾነ ነቲ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ናይ ምውላድውን ንሱ ከም ዝደለዮ ገይሩ ዝዕድሎ ደኣ እምበር ንሕና ከም ዝደሌና ገይርና እነ ማቓርሖ ኣይኮነን (1 ቆረ 12፣ 4-11)። ምምካን፣ ስሉብ ምዃን፣ ተፈጥሮኣዊ ኣካላዊ ጸገማትን ዘይምምርዓውን፣ ብሰንኪ ሞት በዓልቲ ቤት መበለት ምዃን ወዘተ ኣብ ምድራዊ ናብራና ከጋጥመና ይኽእሉ እዮም። እዚ ብምርጫና ዘይመጸ ዘይንፈትዎ ነገር፣ ኵሉ ጊዜ ከነማርረሉን፣ ብዛዕባኡ ወትሩ ክንሓዝንን ኣይግብኣናን እዩ። ምኽንያቱ እዚ ጓሂ ዓለም ሞት እምበር ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምጒሃይ፣ ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ ዘየምጽ ስለ ዝኾነ (2 ቆሮ 7፣ 10-11) ንፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ምጽራር እዩ።

ነቲ ንሕና ብንጹር ዘይንፈልጦ፣ እንዕወተሉ እቲ እንደልዮ ነገር ብምርካብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንዝኾነ ይኹን ኣብ ልዕሌና ዝወረደ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ብምቕባል ጥራሕ እዩ። ዓወት ኣቦና ኢዮብ፣ ነቲ ምኽንያቱ ዘይፈለጦ ዝወረዶ ኵሉ *“እግዚኣብሄር ሃበ፣ እግዚኣብሄር ድማ ወሰደ’፣* ስሙ ይባረኽ” (ኢዮ 1፣ 21-22) ብምባል ናብ ምድሪ ተደፊኡ ንኣምላኽ ብምስጋድ ነበረ። እግዚኣብሄር ወላድ ደሊና ንዝጸለናዮ፣ ከምቲ ንቅዱስ ሃዋርያ ጳውሎስ ጸጋይ ይኣኽለካ ዝበሎ፣ ንኣና’ውን ከምኡ ኢሉና ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ከነስምረሉ እንደሊ፣ ናይ ወላድ ውህበት ዘይተቐበሉ ኣሕዋትና፣ እቲ ኽሓልፍዎ ዘለዎም ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ዘዳለዎ መደብ ኣሜን ኢሎም ክቕበሉ ከለዉ እዩ እቲ በረኸት ኣምላኽ ዝበዝሖሎም።

ንዘይምውላዶም ከም ፍቓዱ፣ ብሓጐስ ዝተቐበሉ ኣመንቲ፣ ኣርኣያን ኣብነትን ናይ ምእዛዝ ኣምላኽ እዮም። ጐይታና ንጴጥሮስ *“በጽሒ ከሎኻ ባዕልካ ትዕጠቕ ናብ ዝደለኻዮ’ውን ትኸይድ ነበርካ፣ ምስ ኣረግካ ግን ኣእዳውካ ከም እተልዕል እሞ ካልእ ከም ዘዕጥቐካን ናብ ዘይደለኻዮውን ከም ዝወስደካ”* (ዮሃ 21፣ 18) ብሓቂ ኣብለካ ኣለኹ በሎ። ንሕና ከም ሰብ ሓዳር እንደልዮ ውሉድ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ኣምላኽ ድማ ንሱ ዝደልዮ ብኻልእ መንፈሳዊ በረኸት ኪባርኸና እንተ ደኣ ደልዩ፣ በቲ ኣምላኽ ዘሕልፈና ብሓጐስ ክንሓልፍ ኣእዳውና ከነልዕል ኣሎና። ዮሴፍ ኣሕዋቱ ከይሸጥዎ ብንብዓት ለሚንዎም ኣይሰምዕዎን (ዘፍ 42፣ 21-22)። ኣምላኽውን ነቲ ቅድሚዘበናት ኣብ ዮሴፍ ክበጽሕ ዘሎዎ፣ ዮሴፍ ክሓልፎ ዘለዎን ደኣ እምበር፣ ኣብ ንብዓት ዮሴፍ ተመርኵሱ ኣየናገፎን። ኣምላኽ ኣብዚ ኵሉ ምስ ዮሴፍ ስለ ዝነበረ፣ ስለ ዮሴፍ ኢሉ ንቤት ጶጢፋር ባሪኽዎ፣ ኣብ ምድሪ ግብጺ ናብ ንግስነት ዘብጽሕ መንፈሳዊ ግልጸት ገሊጽሉ። ስለዚ ኵሉ ጊዜ ንኣምላኽ በቲ ንሱ ዝባርኸናን ዘሕልፈናን ኵነታት ደኣ ንጸባበዮ እምበር ብሰንኪ ዘይምውላድና፣ ግጉይ ስጒምቲ ክንወስድ፣ ኣብቲ ብማሕላ ኣብ ቅድሚኣምላኽ ዝኣተናዮ ቃል ኪዳን ክንዕግብ፣ ወይ ከነጒረምርም ኣይግብኣናን እዩ።

ኣምላኽ ኣብ ዘበን ነቢዩ ኢሳይያስ ብዛዕባ እቲ *“ብዘይ ምውላደይ ወዲ ማሕበር ህዝቢ ኣምላኽ ኽኸውን ኣይከእልን እየ”* ዝበለ ስሉብ ከምዚ ክብል ኣጸናንዮ። እቲ ስሉብ *“ወዲ ማሕበር ህዝቢ እግዚኣብሄር ክኸውን ኣይከእልን እየ ኣይበል፣ ነዚ ሰብ እዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብሎ ኣሎ፣ ሰናብተይ እንተ ደኣ ሓሊኻ፣ ንኣይ ዘሐጕስ እንተ ደኣ ሓሪኻ፣ ኪዳነይ ከኣ እንተ ኣጽኒዕካ፣ ኣብ ቤተይን ኣብ ውሽጢ ደምበይን ስፍራ፣ ካብ ኣወዳትን ኣዋልድን ዚበልጽ፣ ስም ድማ ክህበካ እየ፣ እወ ዘይርሳዕ ዘለኣለማዊ ስም ክህበካ እየ”* (ኢሳ 56፣ 3-5) ። እቲ ዝጨንቆ ዘይብሉ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ፣ እንተ ደለየ ኣብ እርግና፣ እንተ ደለየ ኣብ ጒብዝና፣ እንተ ደለየ ንፍሉይ ዕላማ ካብ መንፈስ ቅዱስ ብድንግልና ምጥናስን ምውላድን ዝህብ ኣምላኽ፣ ከምቲ ንኣና ዝሰርዖን ዝመደቦን ብዘይ ምውላድ’ውን እንተኾነ ከም እዙዛት ውሉድ እኔ ኹባርያኡ ንጐይታይ ከም ፍቓድካ ይኹን ኣሜን ኢልና ክንቕበሎ ይግብኣና እዩ።

ቃል ኪዳን ክንኣቱ ከሎና፣ ድሒሩ ብዝመጽእ ጸገማት ከይተሰናኸልና መንፈሳውን ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ፍቕርና፣ ሓጐስና፣ ሰላምና ከምኡውን ንሓድሕድና ዘሎ ምክብባር፣ ሓልዮት ቀጻሊ ከም ዝኸውን ኢና ምሒልና። ምድራዊ ሓልዮት ብዝመስል ንቓል ኪዳንና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእትዎ። ሰበይቲ ብሰንኪ እዚ ኣብ ሰብኣያ፣ ሰብኣይውን ኣብ ሰበይቱ ዝኾነ ናይ ጓሂ ምልክት ይኹን ቃል ከነውጽእ ኣይግብኣናን እዩ። ብዛዕባዚ ኣይንዘራረብ ማለተይ ኣይኮንኩን። ኣምላኽ ሓይሊ ምእንቲ ክህበና ብቓሉ መሰረት

እናተዛራረብና፣ ብጸሎትን ብቓሉን እናተጸናናዕና ንኹሉ ከምፍቓዱ ክንሓልፎ እቲ ንሓድሕድና ዝኣተናዮ ቃል ኪዳን የገድደና እዩ። ካብቲ ንእግዚኣሄር ዘሐጉሶ መስመር ወጺእና፣ ንስለ ብሓደ ምንባር ጥራሕ ንነብር እንተ ኣሎና ግና ናይ ከምዚ ዓይነት ናብራ ዋጋኡ ኣዝዩ ክኸብደና እዩ። ኣምላኽ ከኣ በቲ ኣርዑት ሓዳሩ ብግቡእ ዘይተሰከመ፣ ነቲ ብስሙዝተመስረተ ቃል ኪዳን ዕሽሽ ብምባል ኣብ ዘየድሊ ምስቀኻቛርን፣ ምጉርምራምን ዝኣተወ መጻምዲ ባህ ኣይክብሎን እዩ።

*“ወሉድ እኳ እንተ ዘይብልካ መንፈሳዊ ሰብ ምዃን ይበልጽ፣ መንፈሳዊ ሰብ ምዃንካ ሰብን እዝግን ኪፈልጦ እዩ በቲ ዘይመውት መንፈሳውነትካ ከኣ ንዘለኣለም ክትዝከር ክትነብር ኢኻ’”* (ጥበብ ሰሎሞን 4፣ 1)። ስለዚ ነቲ ኣብ ቅድሚኣምላኽ ዝኣተናዮ ቃል ኪዳን ኵሉ ጊዜ ንዘክር፣ እቲ ኣብ ድንኳን ኣምላኽ ዝሓድር ኣብ ከረን ቅድስናኡ ዝነብር ሰብ ዝጐድኦ እኳ እንተ ኾነ ነቲ ዝመሓሎ ዘይልወጥ እዩ። ብሰንኪ ውላድ ዘይምውላድ ሓዳር ክብተን፣ ቃል ኪዳን ኪወርድ ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ቃል ኪዳንና ንዕድመና ልክዕ ቃል ኪዳንና ከነጽንዕ እምበር ውላድ እንተ ዘይመጸ ዝብል ቅድመ ኵነት ኣይኣተናን። ቃል ኪዳን ውዕልን ስምምዕን ሰባት ጥራሕ ኣይኮነን። ስርዓት ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ውሉድ ብዘይምውላድና ከነፍርሶ ኣይግብኣናን እዩ (ማቴ 19፣ 3-6)። ነቶምኣብ ቃል ኪዳኖምብፍቕርን ብምትእዛዝን ጸኒዖምዝነብሩ ዘለዉ ናይ ብሓቂ ኣመንቲ ሰብ ቃል ኪዳን ኣምላኽ ኣብ ደምቢኡ ስፍራ፣ ካብ ኣወዳትን ኣዋልድን ዝበልጽ ዘለኣለማዊ ስም ብምሃብ ከሐጉሶም እዩ።

## 10.3 ካልኣት ጸገማት

ድሕሪ መርዓና ብዙሕ ጸገማት ከጋጥመና ይኽእል እዩ። ሞት በዓልቲ ቤት፣ በዓል ቤት፣ ሞት ውላድ፣ ከምኡ’ውን ዘይተጸቤናዮ፣ ከቢድ ጉድለት ኣካላት ወ.ዘ.ተ። ብሰንኪ እዚ ብዙሓት ሰባት እምነ ቶም ዝሓድጉ፣ ኣብ ኣምላኽ ከቢድ ጽልኢ ዘሕድሩ፣ ዘይግባእ ቃልውን ዝዛረቡ ብዙሓት እዮም። ገሊኣን’ውን ንምረተን ብኽዳነን ዝገልጽኦ ኣለዋ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ቀሊል እዩ ኣይኮንኩን ዝብል ዘሎኹ። ኣምላኽ ካብ ፈተና ይሓልወና እምበር፣ ነፍሲ ወከፍ ሽግር ብቓል ክትዛረበሉን፣ በጺሕካ እተርእዮን ነገር ነንበይኑ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እንኳንዶ ድንገት መጻምዲ፣ ሞት ፈታዊ ከም ዮናታን ንዳዊት፣ ከም ኣልኣዛር ንጐይታ፣ ከምራሄል ንደቃ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

እንተኾነ ከምቶምተስፋ ዘይብሎምኣህዛብ ዝሓዝንዎ ክንሓዝን (1 ተሰ ፣ 4 13-14) ዘይኮነ ስ በቲ ኣምላኽ ዝህበና ዘለኣለማዊ ተስፋ ክንጸናናዕ ኢና ተጸዊዕና (1 ተሰ 4፣ 18) ። ንኸምዚ ዓይነት ጸገም፣ ኣቦና ኢዮብ መምህርና ይኹን። ኣብቲ ውዑይ ፍቕሪ፣ ኣቦ ሓብሓቢ ደቁን በዓልቲ ቤቱን ኣብ ዝኾነሉ፣ ኣብ ኣመንቲ ጸገምየጋጥምእዩ። ብዙሕ ብስጋ ዘይንቕበሎ፣ ካብ ኣምላኽ ኮይኑ ኢልና ክንኣምኖ ዘጸግም፣ ኣብ ብዙሕ ትንታነን ፈተናን ዘእትወና ክህሉ ይኽእል እዩ። ስለምንታይ ዝብል ሕቶ፣ ብዙሕ ስለምንታይ እናፈጠረ ናብ ዘይንወጾ መፈንጠራ ከይንኣቱ፣ እቲ ዝዓበየ መደምደምታ “እግዚኣብሄር ጽቡቕ ሂብና ክንቅበሎ፣ ኣምላኽ ክፉእ ሂብናውን ክንቅበሎ’ሞ እግዚኣብሄር ሃበ እግዚኣብሄር ወሰደ ኢልና ብቓሉ ክንጸናናዕ ከሎና፣ 1. ኣብ ጸላኤ ሰናያት ንዕወት 2. ነፍስና ትዓርፍ 3. ነቲ ብትዕግስቲ ከምፍቓዱ ዝተቐበልናዮ’ውን ዕጽፊ ካሕሳ ንረኽበሉ ኢና። ከምባህሊዶ ከምመንፈሳውያን ንንበር ንብዙሓት ዓቐብ ይኾነና እዩ። ንመሴ ደቂ እስራኤል ሰላሳ መዓልቲ ሓዚኖመሉ፣ ንእስጢፋኖስ ኣመንቲ መሪር ብኽያት በኽዮመሉ፣ እሞ መሪር ሓዘን መሪር ብኽያት ክንበኪ ዘገድደና መንፈሳዊ ሕጊ የለን። እዮብ ከኣ ብዛዕባ ኣዝዩ ዝፈትዎምዓሰርተ ደቁ ከምባህሊ እኳ ገጹ ኣይከደነን። ኣየናይ ይበልጽ፣ ኣየናይ ንኸተል ንዝብል ንምንታይ ዕላማ ንገብሮ ከም ዘሎና፣ ብእምነት፣ ብምጽንናዕ ኣምላኽን ንኹሉ ከም ፍቓዱ እንተ ገበርናዮ፣ እቲ ዓስቢ ዓወት ዝርከብ።

ጸገምን ሓዘንን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ክበዝሕ ይኽእል እዩ። ሰብኣይ ደጊሙናይ ምምርዓው ጸገም ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም መንፈሳውያን ክንሓስብ ጽቡቕ እዩ። ሰብኣይ ይምርፆ፣ ሰበይቲ ግና መበለት ኮይና ትንበር ኣይኮነን እቲ ጸገም። እቲ ጸገም እቲ ዝተረፈ ዘበን ብኸመይ ኣሕሊፍካዮ፣ ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ብኸመይ ተቐቢልናዮ እዩ። ሃና ጓል ፋኑኤል ሾብዓተ ዓመት ምስ ሰብኣያ ምስ ተቐመጠት ሰብኣያ ሞይትዋ። ነቲ ዝተረፈ ዘበን ህይወታ ካብ ቤት መቕደስ ከይወጸት ብጾምን ብጸሎትን ንኣምላኽ ስለ ዘገልገለት፣ ኣብ ዘበና ንዘነበሩ ካህናትን ሊቃውንቲ ካህናትን ዘይተገልጸሎም ሚስጢር ክርስቶስ ክሳብ እትርዳእን መሲሕነት ክርስቶስ ክትገልጽ በቕዐት (ሉቃ 1፣ 36-39) ። እተን ብኸምዚ ዓይነት ንዘበነን ዘሕለፍኦ፣ ኣብ ሓዳር ከለዋን ንጐይታ እግሪ ቅዱሳን ብምሕጻብ፣ ንዝጸበቦም ብምርሃው ዝነበራ፣ ኣብ ቤት ኣምላኽ ከም መበለት ኮይነን ከገልግላ ንቤተ ክርስቲያን ሓደራ ተዋሂብዋ ኣሎ (1 ጢም 5” 9-10 )። እተን ሕንቁቓት ግና ብህይወተን ከለዋ ምውታን ስለ ዝኾና፣ ነቲ መዝነት ይኹን ነቲ ብተመስገን ከምፍቓድ ኣምላኽ ዝርከብ ካሕሳ ብቑዓት ኣይኮናን (1 ጢም 5 5)።

## 10.4 ፈጺመን ስለ ዘይተመርዓዋ ኣሓት

እዚውን እቲ ምኽንያት ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንገሊአን ኣሓት ናይ ምርጫ ጉዳይ፣ ገለውን ዘይተሓተታ፣ ካልእውን ብሰንኪ ጸገም ጥዕና፣ ወይውን ኣብ ዓለም ከሎኻ ብዝነበረካ ህይወት፣ ወይውን ናይ ጠባይን ዕድልን ጉዳይ ወዘተ።

*ናይ ምርጫ ጉዳይ፧*- ንብዙሓት መንፈሳውያን ኣሓት ብዙሓት ዓለማውያን ሰባት ንሓዳር ንናብራ ይሓትወን እዮም። ነቲ ዝለመድኦ ዝተለማመድኦን መንፈሳዊ ህይወት ከይስእና ብምፍራህ፣ ነዚ ከም ምርጫ ኣይቕበለኦን። ምኽንያቱ መንፈሳውነት ቀዳማይ ዕላማ ናይ ህይወተን እዩ። ሓዳር ናብራ ግና ካልኣዊ እዩ። እንኳንዶ ዲግ ዝበለ ዓለማዊ፣ ድኹም መንፈሳዊ ንስሙን ቤት ኣምላኽ ምስ ዝመላለስ ሓዳር ምግባር ኣዝዩ ኣጸጋሚእዩ። ምስ ሓደ ቃሉን ተግባሩን ዘይትቕበሎ እንኳንዶ ንምሉእ ዕድሜኻ፣ ንሰዓት እኳ ናይ ሓባር ዕላል ከተሕልፍ ኣጸጋሚእዩ። ኣብ ሓዳር፣ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሓንቲ ቤት፣ ለይቲ ኣብ ሓንቲ ዓራት ኢኻ እተሕልፎ። ምስ ዘይትፈትዎን፣ ብዕላማ ምሳኻ ንዘየለ ንምሉእ ዘበንካ ብሓደ ስለ እትነበር ኣብ ምርጫ ክትጥንቀቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝብሎ ምስ ከምዚ ዓይነት ሰብ መቓርንቱ ኣይኮንናን። "ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትቈረኑ" (1 ቆረ 6፣ 14)። እዚ ትእዛዝ እዩ እምበር ምርጫ'ውን ኣይኮነን። ነዚ ትእዛዝ ኣምላኽ ዘኽበረት፣ ነፍሳን መንፈሳን ከይትረክስ ካብ ከምዚ ዓይነት ሓዳር በይንኻ ምንባር ዝመረጸት ሰብ ብጽእቲ እያ። ዋላኳ ዘየቋርጽ ጓሂ ስድራ ቤትን ዘየዕርፍ ዘረባ ኣዝማድን፣ ሕብረተ ሰብን እንተሎ፣ ነታ ኵሉ ሸይጥካ ዘጥረኻያ ኣብ ግራት እተሓብአት መዝገብ (መንግስተ ሰማያት) (ማቴ 13፣ 44--46) ብዙሕ ዋጋ ከፊልካ ምዕ ቃባ ባህርያዊ እዩ። በዚ ምኽንያት መርዓ ዝተረፉ ሓብቲ ብጐይታ መመሊሳ ትተሓብን ብምርጫኣውን ኣይትሕፈር።

ክርስትና ብብዙሕ መገዲ ዋጋ የኽፍል እዩ። ካብቲ ድቕድቕ ጸልማት ወጺእካ በቲ ሓቂ፣ መገድን ህይወትን ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ሰማያት ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ ክትጐዓዝ ከሎኻ እንኳንዶ እቶም ንኣምላኽ ዘይፈለጥዎ፣ እቶም ካብ ልምድን ባህልን ሓሊፎም ገለ ዘይፈልጡናይ ስም ኣመንቲውን ብዛዕባ ብዙሕ ዝኾነን ዘይተባህለን ከውርዩ ባህርያዊ እዩ። ዓዕሩኽትኻ፣ መሳርሕትኻ፣ ስድራኻ፣ ኣሕዋትካን፣ ኣዝማድካን ክንጽሉኻ ካብኡ ሓሊፎምውን ክሳጒጒኻ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ቤት ኣምላኽውን ምናልባት ገለ ኣሓት ቅድም ብዝነበረን ህይወት፣ ንሓዳር ንመርዓ ዘይክሕተታ ይኽእላ እየን። ንዘይምሕታተን እቲ ምኽንያት ብዙሕ ኽኸውን ይኽእል፣ ገለ ብባህሪኣ ዘይሕወስቲ ኣዝያ ወስንቲ፣ ከምኡ'ውን ናይ ጠባይን ዕድልን ጉዳይ'ውን ኣሎ። በዚ ኮነ በቲ እታ ብሓቂ ንጐይታ ክትስዕብ ዝመደበት፣ ከም ሓንቲ ንጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ተሓጽያ እያ'ሞ ኣብቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለዋ ምሉእን ንጹህን ፍቕሪ ጸኒዓ ኵሉ ጊዜ ናብኡ ትቕረብ (2 ቆረ 11፣ 1-3)። እታ ዘይተመርዓወት ድንግል ወይ ሰበይቲ፣ ካብቲ ዓለማዊ ሓሳባት ወጺኣ ስጋኣን መንፈሳን ዝቕደሰሉ ናይ ጐይታ ነገራት ክትሓሊ ኣምላኽ ክፉት መገዲ ሂብዋ ኣሎሞ (1 ቆረ 7፣ 34) በዚ ንጐይታ ብምልኣት ተኽብሮ። ኣምላኽ ከኣ ከምቶም ኵሉ ሓዲጎም ዝሰዓብዎ ዓስቢ ክህባ እዩ።

ንጐይታ ምስዓብ ኣቦኻን ኣዴኻን፣ ደቅኻን ሰበይትኻን፣ ንብረትካን ጥሪትካን ክሳብ እትገድፍ ዋጋ የኽፍለካ እዩ። ሓዳር ብዘይምግባራ፣ ሓዳር መስሪታ ውላድ ብዘይ ምርካባ፣ ወይ'ውን ድሕሪ መርዓ መጻምዲ እተፈልያ በዓልቲ ሓዳር ኵሉ ጊዜ ኣብ መሪር ሓዘን እትኣቱ፣ ብቓል ጐይታ ፈጺማ ምጽንናዕ እተኣቢ ወይ እምነታ እተቋርጽ ሰበይቲ ዋጋ ወንጌል ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ፣ ኣብ ፈተና ዝዕወት ብጽእናኡ ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃኑ እተረድኣት ኣይመስለንን። ገና ምረቱን ጣዕሙን ዘይፈተነቶ ሓዳር እያ እተማርር ዘላ። ውላዳ ገና ከም ደቂ ኤሊ ንኣምላኽ ዘጕህዩ፣ ወይ'ውን ከም እኒ ሳሙኤል ንኣምላኽ ዘስምሩ ምዃኖም ገና ዘይፈለጠት እያ እተማርር ዘላ። ምእንቲ ስም ክርስቶስ ንዝወልድካዮ ውሉድ ከይተረፈ ክትገድፎ ከም ዚግብኣካ ካብ እተነግረካ፣ ከመይ ኢልካ ደኣ ግና ምሳኻ ንዘየለ፣ ወይ'ውን ውሉድ ብዘይምሃቡ ንኣምላኽ እተምርር ወይ እተጕረምርም። ኣሕዋተየ! ንኣምላኽ ኣብ መገዲ ጽድቁ፣ ጥራሕ ንጸባበዮ። እቲ ዝተመርዓወ ከም ዘይተመርዓወ፣ እቲ ዝወለደ ከም ዘይወለደ፣ እቲ ዘጥረየ ከም ዘየጥረየ፣ ዝኾነሉ ጊዜ ኣሎ (1ቆረ 7፣ 30-31) እሞ፣ ብኹሉ ናብራና መመስገንቲ፣ ብጐይታ ኵሉ ጊዜ ሕጕሳት፣ ኣብ ኪዳንና'ውን ወትሩ ጽኑዓት ንኹን። ናይዚ ኵሉ ካሕሳ ድማ ከም ጻድቃን ኣብታ መንግስቲ ኣቦና ንዘለኣለመ ኣለም ክንበርህ ኢና (ማቴ 25፣ 46)።

## 11. ናብራ ምስ እንዳ ኣሕሙ

ከምቲ ሰበይቲ ስድራኣ ሓዲጋ ናብ እንዳ ሰብኣያ እትኣቱ፣ ሰብኣይ ድማ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰብይቱ ክጣበቕ ከም ዘለዎ ርኢና ነይርና። እንተኾነ ብብዙሕ መገዲ ሰበይቲ ምስ እንዳ ሓሙኣ፣ ሰብኣይውን ምስ ስድራ ቤት እንዳ ሓሙኡ ዘተኣሳስሮም ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ከም መንፈሳውያን ምስ እንዳ ሓሙና ዝህልወና ዝምድና እንታይ ክመስል ኣለዎ። ሩት ብዓሌታ ሞኣባዊት፣ ብኣምልኾኣ ምስ እስራኤል ሕብረት ዘይብላ ሰበይቲ ነበረት። ከምቲ ስርዓት ብሉይ ኪዳን ንኣኣተን ዝወርሱ ውሉድ ስለ ዘይነበርዋ፣ ናእሚ ንኽልቴአን ነንስቲ ደቃ፣ ኣብቶም ዝሞቱ ሰብኡተን ዝገበረኦ ጽቡቕ ነገር ኣመስጊና ኣብ ቤት እቶም ካልኦት ሰብኡትክን እግዚኣብሄር ዕረፍቲ ይሃብክን ኢላ እያ መሪቓ ናብ ቤት ኣዴታተን ክምለሳ ናይ

ስንብት ቃል ሃበተን። ርግጽ እዩ ድሕሪ ሞት ሰብኡተን ነተን መርዑት ኣብ እንዳ ሓሙአን ክኣስረን ዝኽእል ምኽንያት ኣይነበረንን። ንሩት ግና እቲ ምስ እንዳ ኣሕሙኣ፣ ብፍላይ ምስ ሓማታ ናእሚ ዝነበራ ምትእስሳር ኣዝዩ ጽኑዕ ስለ ዝነበረ ከምዚ ክትብል መለሰት። *"ንኣኺ ሓዲገ ንድሕሪት ክምለስ ግዲ ኣይትበልኒ፣ ናብ እትኸድዮ እኸይድ፣ ኣብ እትሓድርዮ ድማ እሓድር፣ ህዝብኺ ህዝበይ፣ ኣምላኽኪ ድማ ኣምላኸይ እዩ። ኣብታ እትሞትላ እመውት፣ ኣብኣ ድማ እቐበር፣ ኣነ ብሞት እንተ ዘይኮይኑ ካባኺ እንተ ተፈልየ እግዚኣብሄር ባዕሉ ይቕጽዓኒ በለት"* (ሩት 1፣ 16-18)።

ንሓማታ ኣፍቂራ፣ ንኣምላኽ ኣሚና ናብ ህዝቢ ኣምላኽ እተጸንበረት ሩት፣ ኣብ መዝገብ ወለዶ ልደት ክርስቶስ ብስማ ክትጽዋዕ፣ ኣደ በዓል እሰይን ዳዊትን ክትከውን በቕዐት (ማቴ 1፣ 5)። እታ ንሓማታ ናእሚ ኣዝያ እተፍቅራ ሩት በቲ ዝርኣየቶ ተኣዝዞን ፍቕርን ካብ ሾብዓተ ኣወዳት ኣዝያ ከም እትሕረ፣ ተመስከረላ። ኣብ ባይቶ እስራኤላውያን ድማ "ከምተን ብሓደ ኮይነን ንቤት እስራኤል ዝሃነጻ፣ ከም ራሄልን ልያን ይግበራ። ...ነቶም ካብኣ ዝወለዱ ድማ ... ከምቲ ካብ ይሁዳን ትእማርን ዝተወልደ ስድራ ፋሬስ ይግበረልካ" ተባሂላ ተመረቐት (ሩት 4፣ 11-12)። ንሩት፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝቐጸር ብስማ ዝጽዋዕ፣ ንሓማታ ዘርኣየቶ ፍቕርን ምእዛዝን፣ ኣምላኽ ዝገበረላ ሰናይ ነገርን ዝገልጽ ተጻሒፈላ። ወድና ጓልና ከም መንፈሳውያን ኣብ እንዳ ኣሕሙና ከነርእዮ ዘሎና ፍቕሪ ከምዚ ክኸውን ከሎ ኣምላኽውን ኣብ ክብሪ መዝገቡ ክጽሕፈልናን፣ ክኽሕሰና ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ብዙሓት እንዳ ኣሕሙ ብዛዕባ ኣንስቲ ደቆምን ሰብኡት ደቆምን ሰናይ ምስክርነት ንሰምዕ ኢና። ምስ እንስቲ ደቆም ብዘለዎም ጽቡቕ ርክብን ፍቕርን፣ ካብ ነንስቲ ደቆም ንደቆም ክሓምዩ ዝቐሎም ኣሕሙ ከም ዘለዉ ንሰምዕ ቤተ ክርስቲያን'ውን በዘን ከምዚ ዝበላ ኣንስቲ ትሕበን።

ብዙሓት ኣሓት ብቓሉ መሰረት ምስ እንዳ ኣሕሙ (ሓማት፣ ሓሙ፣ ንዕልቲ ሓሙት) ክወሃሃዳ ጊዜ ኣይወስደለንን እዩ። ቀልጢፈን ነሓሙአንን ንሓማተንን ኣቦይ ኣደይ ክብላ፣ ንነዓዕልተንን ነሕሙትሙተን'ውን ከምቲ ከባቢ ዝጥቀመሉ ናይ ኣኽብሮት መጸውዒ ይጥቐማ። ኸምዚ ዓይነት ተኣዝዞን ፍቕርን ነቲ ሓዳር ዘጽንዕ፣ ነቲ ፍቕሪ ዘዕሙቕ፣ ስለ ዝኾነ ኣዚና ክንደፍኣሉ ክንደይ ሰናይ እዩ። ነቢዩ ኣገልጋሊ ኣምላኽን ዝኾነ መሴ ንሓሙኡ ብኣኽብሮት ሰገደሉ (ዘጽ 18፣ 7)። ሓሙመሴ'ውን ሰናይ ዝኾነ ምኽሪ ንመሴን ንህዝቢ ኣምላኽን ኣሳልጦ ዝህብ፣ ካብ ብዙሕ ድኻም ዘናግፍ ምኽሪ ለገሰሉ (ዘፍ 18፣ 17-27)። ክንደይ ረዚንቲ ኣዴታት ኣቦታትን ኣሕሙና ዘይንፈልጦ ናይ ዕድመ ተመኩሮ ክህቡና ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ጕድኣት ምስ ዘይህልዎ፣ ስለ ረብሓ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም መንፈሳውያን ብዝከኣል መጠን ንእንዳ ኣሕሙና ስድራና ክንገብሮም ንጽዓር።

እንዳ ኣሕሙና ብኣና ክማረሩ የብሎምን። እዚ መርገም እዩ። እቶም ንበረኸት እተጸውዑ ናይ ኣምላኽ ሰባት ይስሃቅን ርብቃን ብምኽንያት ኣንስቲ ኤሳው ብዙሕ ምረት በጽሖም። "ኤሳው ወዲ ኣርብዓ ዓመት ምስ ኮነ ንይሁዲት ጓል ብኤሪ ሒታውን ንበስማት ጓል ኤሎን ሒታውን ተመርዓወን፣ እዚኣተን ከኣ ንይስሃቅን ንርብቃን ጓሂ ልቢ ኮናኦም" (ዘፍ 26 34-35)። ኤሳው ኣቦኡ ብኣንስቱ ከም ዘጕሃየ ፈሊጡ ካልእ ሰበይቲ ኣእተወ (ዘፍ 28፣ 8-9)። ርብቃ ድማ ብሰሪ ኣንስቲ ኤሳው ከምዚ ክትብል መረረታ ገለጸት። *"ርብቃ ከኣ ንይስሃቅ ብሰሪ ኣዋልድ ሒት ነፍሰይ ተሓለለት፣ ያዕቆብ ድማ ካብ ኣዋልድ ሒት፣ ካብ ኣዋልድ እዛ ሃገር እዚኣ ከምዚኣተን ዝኣመሰለት ሰበይቲ ዜእቱ እንተ ኾይኑ ምት ይሕሸኒ በለቶ"* (ዘፍ 27፣ 46)። እዘን ኣንስቲ እዚኣተን ካብቶም ንኣምላኽ ዘይእዘዛን ካልእ ኣምላኽ ዘምልኻን ኪኾና ይኽእላ እየን። ኣመንቲ ኣብ ሓዳርናን ምስ ስድራ ቤት እንዳ ኣሕሙና ንምጽንናዕ፣ ንሰላም ንፍቕሪ ምኽንያት ክንከውን እምበር ንምረት፣ ንምፍልላይ ክንነብር ኣይተጸዋዕናን። ከምዚ ዓይነት ጥጡሕ መገዲ፣ እንተ ዘይጸንሓና እኳ ነቲ መገዲ ብጸሎትን ብፍቕርን ክንጸርጎ ጻዕሪ ክነካይድ ይግብኣና እዩ።

ምስ ኵሎም ጐረባብትናን ከባቢናን'ውን ከምኡ ከም ውሉድ ኣምላኽ ገበርቲ ሰላም ብምዃን ውሉድነትና ነረጋግጽ (ማቴ 5፣ 9)። ኣብ ከረን ዘላ ከተማ ክትኽወል ወይ ኣብ ቀንዴል ዘላ መብራህቲ ኣብ ትሕቲ ከፈር ክትኣቱ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግንዎ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ ኢና ተባሂልና (ማቴ 5፣ 14-16)። ክርስትና ኣብ ገዛኻ ምሕባእ፣ ካብ ጐረባብትኻን ከባቢኻን ተነጺልካ ምንባር ኣይኮነን። ቃል ወንጌል ንምፍጻም፣ ንዝጠመየ ምዕንጋል፣ ንዝጸምአ ምስታይ፣ ንዝዓረቐ ምኽዳን፣ ንዝገሸ ምቕባል፣ ንዝሓመመን ንዝተኣስረን ምብጻሕ እምበር ብቓልን ብልሳንን ጥራሕ ምፍቓር ኣይኮነን (ማቴ 25፣ 35፣ ያዕ 1፣ 22፣ 1ዮሃ 3፣ 18)። እግዚኣብሄር ዝወሃብ ሂብና ነዚ ኵሉ ክነትግብር እንተ ኼንና ኣብቶም ምሳና ኣብ ቀረባ ዝርከቡ፣ ስድራናን ጐረባብትናን ከባቢናን እዩ እሞ ኣብ ኵሉ ማሕበረ ሰብና ግሁዳት ንኹን። ነቲ ሰናይ ግብሪ ከኣ ኣምላኽ ብዝሕጐሰሉን ዝኽብረሉን መገዲ ብስቱር ነካይዶ። ሃይማኖት መደባትን ፕሮግራማትን ምስራዕ ጥራሕ ኣይኮነን። ነቲ ካብ መስዋእቲ ምሕረት እፈቱ ዝበለ ኣምላኽ ኣብ ሕብረትና ብሰናይ ግብሪን መንፈሳዊ ፍረን ነስምሮ።